# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.121 ሰሉስ 20 ጥሪ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 4
ምልክታት ብትከተ-ጽግያት



ገጽ 8
ብፍቕሪ ንበጻጺሕ



ገጽ 10
ንናጽነት ብሓርነት ዘወቀበ ወቕቲ ሓድሽ ዓመት



ገጽ 11
ዞባ ማእከል - ቅድድም ብሽክለታ 2026 ፈሊሙ




# በዓል ጥምቀት፡ ኣብ መላእ ሃገር ብኽብ ዝበለ ድምቀት ተኸቢሩ



ስእሊ-ክብሮም ጻሃየ



ስእሊ-ክብሮም ጻሃየ

በዓል ጥምቀት፡ ቅዱስ ፓትርያርክ፡ ብጹኣን ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን፡ ሓለፍቲ ሃገረ ስብከት ኣስመራ፣ ሊቃውንቲ፡ ምምሕዳራት ሰበኻ ጉባኤታትን ተወከልቲ ኣድባራትን፡ ከምኡ'ውን ሰበስልጣን መንግስቲ፡ ዲፕሎማስኛታትን ብኣሽሓት ዝቖጽሩ ምእመናንን ኣብ ዝተረኽቡሉ፣ ትማሊ 19 ጥሪ ብልዑል ድምቀት ተኸቢሩ።

ብደረጃ ሃገር ኣብ ከተማ ኣስመራ - ባሕረ-ጥምቀት ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ብመራሕነት 6ይ ፓትርያርክ ወርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ ብጹእ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማዊን ብጹኣን ሊቃነ-ጳጳሳትን መኽፈቲ ጸሎተ-ቅዳሰ ምስ ተዋህበ፡ ውዳሴ ማርያም ተዓዲሉ፣ ጸሎት ስርዓተ ቅዳሴን ኪዳንን ከምኡ'ውን ጸሎት ወንጌል በጺሑ።

ብድሕሪ'ዚ፡ ብመራሕነት በዓል ተራ ደብሪ ደብረ-ጸሓይ ኣቡነ ተክለሃይማኖት ሓዝሓዝ ምርሓት ምስ ተኻየደ፡ ኣብ ቤት-ጽሕፈት ፓትርያርክ ሓላፊ ስብከተ ወንጌል መርጌታ ስምኦን በየነ፡ ንበዓል ጥምቀትን መንፈሳዊ ትርጉሙን ስነ-ምግባራዊ መልእኽቱን ዝምልከት ኣስተምህሮ ሂቦም።

"ሃይማኖታውያን በዓላትና - ሃገራዊ ክብሪ ዘለዎም መኽሰብና'የም" ዝበሉ መርጌታ ስምኦን፡ ቀንዲ ዘመሓላልፍዎ መልእኽቲ - ዜጋታት ብሃይማኖት ጸንዓት ብስነ-ምግባር ድማ እናማት ክኾኑ፣ ከምኡ'ውን ከም ዜጋታት ብስኒትን ፍቕርን ክነብሩ ከምዝኾኑ ብምጥቃስ፡ "በዓላትና ብሓገሳን ደስታን ክሕልፍ ዋጋ ተኸፊልዎ ስለዝኾኑ፡ ዘልኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንሰማእታትና" ኢሎም።

ታቦታት ብድሮ ብለባሲያን ካህናት፡ ዲያቆናት፡ መዘምራን፡ ተመሃሮ ሰንበትን ምእመናንን ተሰንዮ ካብ ኣብያተ-መቓድሱ ኣብ ባሕረ-ጥምቀት ኣብ ዝተዳለወሉ ቦታ ምስ ቈሙ፡ ሊቃውንቲ መምህራን ብሕብረት ኣሽብሺቦም፣ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሰንበት'ውን ነቲ በዓል ዘንጸባርቕ መሰናድኦ ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ምህለላ ምስ በጽሐን ብጹኣን ኣቦታት ማዕዶን ቡራኬን ምስ ሃቡ፡ ባሕረ ጥምቀት ብብጹእ ወ ቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ብኣርባዕተ መኣዝን ተባሪኹ ምስ ተሃጸገ፡ ታቦታት ከም'ቲ ዝመጹ - ብኽብሪ ተዓጂቦም ናብ ደብሮም ተመሊሶም።

እቲ ን3 ሰዓታት ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት ዝቐጸለ ስነ-ስርዓት፡ ብኤሬቲቪን ድምጺ ሓፋሽ ኤርትራን ብቐጥታ'ዩ ተፈኒዩ።

# ዓንሰባ - ኣብ ተጠቃምነት ጽርግያ ንቕሓት ክዓቢ መዘኻኸሪ ቀሪቡ





ተርእዮ ሓደጋታትን ሳዕቤናቱን ንምንካይ፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ መራሕቲ ተሽከርከርቲ ድማ ብፍላይ ኣብ ተጠቃምነት ጽርግያ ንቕሓቶም ክበርኽ፡ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ዓንሰባ ጸዊዑ።

ምሕር ናህሪ፡ መቐነት ዘይምጥቃም፡ መስመርካ ዘይምሓዝ፡ ምልክታት ትራፊክ ብግቡእ ዘይምጥቃም፡ ከምኡ'ውን መኪና እናመራሕካ ተንቀሳቓሲ ተሌፎን ምጥቃም፡ ካብ'ቶም ጌናዎም ዝረኣዩ ጥሕሰታት ምዃኖም፡ ኤሪና ዝተወከሱቶም ኣባላት ፖሊስ ትራፊክ ሓቢሮም።

ቀንዲ ዕላማ ፖሊስ ትራፊክ፡ ሓደጋ ከየጋጥም ምክልኻል ስለዝኾነ፡ ኣፍልጦ ሕብረተ-ሰብ ንምዕባይ ቀጻሊ ኣስተምህሮታት ይካየድ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ተጠቀምቲ ብሽክለታ፡ ሰብ መካይንን ኣጋርን ኣብ ምንቅስቓሶም ሓላፍነታውያን ክኾኑ፣ ወለዲ ድማ ጠለባት ደቆም ኣብ ምምላእ ጥራይ ከይተደረቱ፡ ብቐዓት ዘጥቅሙለን ብሽክለታታት ከረጋግጹን ምስ ሕግታት ትራፊክ ከላልይዎምን ኣዘኻኺሮም።

እቶም ኣባላት ፖሊስ ትራፊክ ኣብ መወዳእታ፡ ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክን ሓደጋ ተሽከርከርትን ንኸንክ፡ ምልክታት ትራፊክ ብሓፈሻ መሰጋገሪ ኣጋር ድማ ብፍላይ ክደምቕ ተላብዮም።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ ኣብ 2025 ብ2.4 ሚእታዊት፣ ሓደጋ ተሽከርከርቲ ድማ ብ2 ሚእታዊት ከምዝወሰኸ፡ ሰነዳት ፖሊስ ትራፊክ የነጽር።

# ኮሎኔል ደሳለ ቃለይ ተሰዊኡ



ኣባል ሚኒስትሪ ምክልኻል - እዚ. ህዝባዊ ሰራዊት ገዳም ተጋዳላይ ኮሎኔል ደሳለ ቃለይ ተስፋዮናስ (ወዲ ቃለይ)፡ ኣብ መበል 74 ዓመት ዕድመኡ፣ ብ17 ጥሪ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ሕዳር 1973 ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ተጋዳላይ ደሳለ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት ካብ ተራ ክሳብ ሓለቓ ስታፍ ብርጌድ፣ ኣብ ሓለዋ ሰውራ ድማ ብደረጃ ምኽትል ሓላፊ ጨንፈር፣ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ስታፍ ምምሕዳር ሚኒስትሪ ምክልኻል - ሓላፊ ጨንፈር ጉዳይ ተጋደልትን ጨንፈር ሃገራዊ ኣገልግሎትን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ሃገራዊ ዕቑር ሰራዊት ኣዚ. ዞባ ከይሩ ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኮሎኔል ደሳለ ቃለይ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ብምዃን፡ ኣብ ምምዕባል ናይ'ቲ ዓውደ-ስፖርትን ስፖርተኛታትን ኣበርክቶ ዝገበረ'ዩ።

ገዲም ተጋዳላይ ኮሎኔል ደሳለ ቃለይ (ወዲ ቃለይ)፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 5 ደቅን እዩ። ስነ-ስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብሰንበት 18 ጥሪ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል - እዚ. ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብመሰዋእቲ ገዲም ተጋዳላይ ኮሎኔል ደሳለ ቃለይ ተስፋዮናስ (ወዲ ቃለይ) ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# ኣስመራ - ንልዕሊ 350 ዜጋታት ዕዉት መጥባሕቲ ሓበላ ተኻዪዱ

ኣብ ከተማ ኣስመራ ተደኲኑ ዝርከብ ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ፡ካብ 14 ክሳብ 16 ጥሪ ብመልክዕ ወፍሪ ብዘወደቦ መደብ፡ ን357 ዜጋታት ዕዉት መጥባሕቲ ሓበላ ኣካዪዱ።

ካብ'ዚ እቲ 140 ኣብ'ቲ ሆስፒታል፡ 217 ድማ ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ዝተኻየደ ምዃኑ፡ ክኢላ ሕክምና ዓይኒን ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብን ነርስ ኣሌክሳንደር ፍስሃ ሓቢሩ።

ኣቐዲሙ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ንልዕሊ 4 ሽሕ ነበርቲ ዓድታት ደቂ-ሽሓይ፡ መቐርካ፡ መለዛናይ፡ ቀራና-ኹዶ፡ ዴዳ፡ ዓዲ-ንኣምን፡ ደብሪ ዓዲ ሓንስ፡ ደቂ-ዘርኡ፡ ሓበላን ሊባንን


ስእሊ፡ ዮውሃንስ መብራህቱ

መርመራታት ዓይኒ ከምእተኻየደ ብምጥቃስ፡ እቶም መጥባሕቲ ዝተገብረሎም በዚ መስርሕ'ዚ ዝተለለዩ ምዃኖም ገሊጹ።

እቲ ብምውህሃድ ምምሕዳራት ንኡሳን ዞባታት፡ ምምሕዳራት ከባቢን ትካላት ጥዕናን ዝተኻየደ ዳህሳስ ጥዕና ዓይኒ፡ ዘመናዊ ተንቀሳቓሲ መሳርሒታት ብዝዓጠቑ ኤርትራውያን ክኢላታት ከምእተኻየደ'ውን ኣነጺሩ።

ካብ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ - ዶ/ር እዮብ በየነ ብወገኑ፡ እቲ ዳህሳሳዊ መርመራታት ጥዕና ዓይኒ፡ ኣብ 2025 ኣብ ዝተፈላለያ ዞባታት ከምእተኻየደን ንልዕሊ 5 ሽሕ ዜጋታት ዕዉት መጥባሕቲ ሓበላ ከምእተገብረሎምን ብምሕባር፡ ምስ ጉጅለ ሕክምና ዓይኒ ሂማልያ ብምትሕብባር'ውን ን33 ዜጋታት ዕዉት መጥባሕቲ ምስግጋር 'ኮርንያ' ማለት ብሌን ዓይኒ ከምእተኻየደ ኣፍሊጡ።

መጥባሕቲ ካብ ዝተኻየደሎም ነበርቲ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ብሰንኪ ራሕቂ ዝኮብሩሉ ቦታ ንዓመታት ብርሃን ዓይኖም ስኢኖም ከምዝነበሩ ብምግላጽ፡ ኤርትራውያን ሞያውያን ናብ ዝነብሩሉ ዓዲ መጺኦም ሳላ ዝገበሩሎም መጥባሕቲ ግና ክርእዩ ከምዝበቕዑ ኣብሪሆም።

# ኣብ ጋድም-ሓሊብ ዝተዋደደ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ርግኣት ይፈጥር

ኣብ ምምሕዳር ከባቢኦም ዝተዋደደ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ መነባብሮኦም ርግኣት ከምዝፈጠረሎም፡ ነበርቲ ጋድም-ሓሊብ - ንኡስ ዞባ ኣፍዓበት ገሊጾም።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ መሓመድ-ዓሊ ሳልሕ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ብዘመናዊ ኣገባብ ዝተሃንጸት ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ፡ መሰረታዊ ኣገልግሎታት እትህብ ትካል ጥዕና፡ ፕሮጀክት ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ከምኡ'ውን ዘመናዊ መሳርሒታት ዝዓጠቐ ማእከል ምክልኻል ኣንበጣን ካልእ ትካላትን ተዋዲዱ ከምዝለ ኣብሪሁ።

እዚ ትካላት'ዚ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝህቦ ኣገልግሎት፡ ንነበርቲ ናይ ስራሕ ዕድላት ፈጢሩ ከምዝለ'ውን ሓቢሩ።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ዞባ ማእከል - ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጸዓዘጋ ተደኲና ኣብ እትርከብ ናይ መባእታ ቤት-ትምህርቲ ደብረሳላ ብልዕሊ 300 ሽሕ ናቕፋ ዝተሃንጸ መምሃሪ ክፍልታት፡ ብ15 ጥሪ ተመሪቑ።



ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል ሓላፊ መሰረታዊ ትምህርቲ መምህር ሰርጸ ተኽላይን ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ደቡባዊ ምዕራብ መምህር ፍስሃየ ጺጋይን ኣብ ዘስመዕዎ ቃል፡ ንዘከበረ ጽቡት ንምቅላል ተበግሶ ንዘወሰዱ ኮሚቴ ወለዲ፡ ከምኡ'ውን ኣበርክቶ ንዘገበሩ መሻርኽቲ ኣካላትን ሓይልታት ምክልኻልን ኣመስጊኖም።

ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ - መምህር ሕመረት እዮብ ብወገና፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ጽቡት መምሃሪ ክፍልታት ከምዘጸንሖም ብምጥቃስ፡ እቲ ዝተሰርሐ ክፍልታት ኣብ ተመሃሮን መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን መስተርሆ ከምዝፈጥር ገሊጻ።

ኣቦ-መንበር ኮሚቴ ህንጻ ቤት-ትምህርቲ ኣቶ ኣማኑኤል ኣፈወርቂን ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ጸጸራት ኣቶ በረኸት ተስፋጋብርን ድማ፡ ነቲ ዕማም ንምዕዋት ኣበርክቶ ንዝገበሩ መሻርኽቲ ብምምጓስ፡ ተመሳሳሊ ተበግሶታት ክድፋኣሉ ተማሕጺኖም።

መባእታ ቤት-ትምህርቲ ደብረሳላ፡ ኣብ 1947 ዝተመስረተት ምዃና ሰነዳታ የነጽር።

# ዓዲ ቐይሕ - ጎዳእቲ ልምድታት ንምውጋድ ዝሕግዝ ጎስጓስ ተኻዪዱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣፍልጦን ንቕሓትን ሕብረተሰብ ኣብ መሰላት ቈልዑ፡ ሳዕቤናት ጎዳእቲ ልምድታትን መርዓ ትሕቲ ዕድመን ንምብራኽ፡ ኣብ ህዝብን ተመሃሮን ጎስጓስ ተኻዪዱ።

እዚ ብምትሕብባር ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ምስ ኮሚተ ምውጋድ ጎዳእቲ ልምድታትን ምኽባር መሰላት ቈልዑን ብ15ን 16ን ጥሪ ኣብ 16 ምምሕዳራት ከባቢን ቤት-ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ዓዲቐይሕን ዝተኻየደ መደብ፡ ብውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ዝተሰነየ ምንባሩ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢራ።



ሓላፊት ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ'ቲ ን/ዞባ ወ/ሮ መድሃኒት ግርማይ፡ ኣብ ሳዕቤናት ጎዳእቲ ልምድታት ብሓፈሻ ምኽንኻብ ደቂኣንስትዮ፡ ምኽላእ ዓንቀርን መርዓ ትሕቲ ዕድመኣን ኣስተምህሮ ድሕሪ ምሃብ፡ ወጊድ ክበሃል ተማሕጺና።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ብወገኑ፡ ጎዳእቲ ልምድታት ንምግታእ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ተመሃሮን መሪሕ ተራ ክጻወቱ ኣተሓሳሲቡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ዕላማ ናይ'ቲ ጎስጓስ ብምግንዛብ፡ ነጻ ካብ ጎዳእቲ ልምድታት ንምእዋጅ ብንቕሓት ከምዝሳተፉ ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ኣብ መንጎ ተመሃሮ 2ይ ደረጃ ዝተኻየደ ውድድር ሓፈሻዊ ፍልጠት ንዝተዓወታ ሽልማት ተዓዲሉ።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ


**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጰ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጰ. 1284


# ጎልጅ - ባርዕ መሮር ንምግታእ ተራ ኮም ክዓዝዝ ይሕተት

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ዝኸሰት ተደጋጋሚ ባርዕ መሮር ንምግታእ፡ ምምሕዳራትን ኣካላት መንግስትን ኮም ማእከል ዝገበረ ቁጽጽራዊ ስራሓት ክካየዳ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ሎሚ ዓመት፡ ኣብ ከባቢታት ሓጅ-ዓረብ፡ ኣይተርፍ፡ ገርገፍ፡ ሰዋቴብ፡ እንጉሊት፡ ተብልድያን ዓድሸጋላን ኣብ ልዕሊ 6 ሽሕ ሄክታር ብዝተኸሰተ ባርዕ፡ ኣብ መዝሃጌታት፡ ምህርቲ ሕርሻን ተረፍ ምህርትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሃብቲ ገረብን ጥሪትን ጉድኣት ከምዘወረደ፡ ወኪል ብዓል-ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ኣቶ ያሲን ኣሕመድ ገሊጹ።

ጠንቂ ናይ'ዚ ከቢድ ጉድኣትን ዕንወትን ዘውርድ ዘሎ ተደጋጋሚ ባርዕ ተፈሊጡ ንምቁጽጻሩ ክከኣል ምእንቲ፡ ኺ-ኺ'ቲ ብበዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን ዝግበር ቁጽጽራዊ ስራሕ፡ ዓድታት ከባቢኣን ዝሕልዋሉ ኣገባብ ክምዕብል ድማ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ያሲን፡ ንኣበርክቶ ሓይልታት ምክልኻል ኣብ ምቁጽጻር'ቲ ባርዕ መሮር ብምምጓስ፡ ጓሶትን ሓረስቶትን ኣብ ኣጠቓቕማ ሓዊ ዕቱብ ጥንቃቐ ክገብሩን ካብ ዘይሓላፍነታዊ ተግባራት ክሕለቡን ጸዊዑ።

# ሓጺር ዛንታ

# ኣብርሃጽዮን

ምስግና ተኽላይ (ዋርሳይ)
(ሓይሊ ባሕሪ - ጉጅለ ባህሊ ኣውካን)

ተጋዳላይ ደግለል ኣቦ ኣብርሃጽዮን፡ ኣብ ሆስፒታል ግራር ዓራት ካብ ዝሕዝ መዓልታት ሓሊፉ። እቲ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ኣብ ውግእ ዝተሃርሞ ኣብ ኣካላቱ ዘሎ እስክጅታት ድቃስ ከሊእዎ። ንልዕሊ ርብዒ ዘመን ከሳቕዮ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣማስያኡ ኣሰኒፉዎ። እዚ ኩሉ ዓመታት ጸይሩዎ ዝሓለፈ እስክጅታት፡ ካን ኣብ 2024 ከቢዱዎ። ነዊሕ ሰዓታት ኣብ ዓራት ምድቃስ ኮይኑ ናብራኡ።

ኣብርሃጽዮን ጓሉ እያ ትከናኸኖ። እታ እንኮ ጓሉ። ተጋዳላይ ደግለል፡ ብፍላይ ኣብዛ ዕለት እዚኣ ምሕራር ባጽዕ 34 ዓመታት ኣብ ዝረገጸሉ፡ ኲሉ ተፈራሪቕዎ ዘስተንትን ዘሎ ክመስል ንጓሉ እናጠመተ ብኣዒንቱ ንብዓት ኮረር የብል። ብጾቱ ክርእይዎ መጺኦም ቀሩብ ክዘናጋዕ ኣብዝጀመረሉ ኣብርሃጽዮን ጓሉ፡

"ባባ፡ ዝኽሪ ሳሊና ተሳቲፈ ክመጽካ'የ፡ እዞም ብጾትካ ካብ መጽኡ ምስኣቶም ተዘናጋዕ፡ ኣይድንጉየካን'የ" ኢላ ኣብ እዝኑ ተዛረበቶ። ብዓይኑ ሕራይ በላ'ሞ ካብታ ጸባብ ክፍሊ ወጸት። ንሱ ምስ ብጾቱ ተረፈ። ዕላል ኣዐሚሮም ድማ ወጃዕ በሉ። ንግዜኡ ቃንዛኡ ረስዮ።

ሓደ ዓርሞሽሽ ጅግና ባሕርን መሬትን ዘየድከሞ ደቀቕቲ ጭልፍላፍ ሓጻዊን ኣብ ኣካላቱ ኣትየን ቀስ ብቐስ ኣድኪመን ዓራት ኣትሒዘናኦ። ስጋን ሓይልን ቀስ እናበሉ ሃደሙ። ኣካላቱ ረሸሸ ኢልዎ ነዛ ክዛረብ'ኳ ዓቕብ ኮኖ።

ሓደ ካብ ኣዕሩኽቱ፡ "ከምዛ ሎም መዓልቲ ባጽዕ ኣብ ዝሓረርናሉ ብሬን ኣብ ዝባን ፈጣን ጃልባ ኣዐሚርካ ክትትኲስ ትርኣየኒ ኣለኻ። ደግለል ሎሚ ኣብ ዓራት በጥ ኢልካ ሩፍ ከይበልካ ከለኻ!" ኢሉ ክጫረቕ ጀመረ። ደግለል ድማ ኣፉ ከፈተ፡

"መነን ሸው ነፍሰጾር እያ ዝነበረት፣ እዛ ጓለይ ድማ ክትውለድ 6 ወርሒ ተሪፉዋ ነበረ።" ንብዓልቲ ቤቱ ዘከረ። ጅግና'ያ ዝነበረት፡ "ኣብ ኩናት ዘይሞተት፡ ድሕሪ ናጽነት፡ ጓላ ከይዓኾኸት ተሰውኣት - መነን።"

"ወይለይ ናፊቕካ ዲኻ?" እናበሉ ተዘናግዑ።

ኣብርሃጽዮን ሕማም ኣቦኣ እናሻቐላ ናብ ማእከል ባጽዕ ኣበለት። ኣብ ከባቢ ሬድ ሲ ሆቴል ብዛዕባ ዝኽሪ ሳሊና መደብ ስለዝነበረ'ያ ናብኡ ከይዳ። ህዝቢ ሆጭ ኢሉ መደብ ዝኽሪ ሳሊና ክሰምዕ ተኣኪቡ ነበረ። ኣብ ጥቕኣ ሓደ መዘንኣ መንእሰይ ደው ኢሉ ነበረ። ኮፍ መበሊ ተወዲኡ ደው ዝበለ ይበዝሕ። ጀብጀብ ጸጉሩ ወዲ ነታ ኣብ ጥቕኡ ዝነበረት ምጭውቲ መንእሰይ ጥምት ኣቢሉ፡ "ዶልፊዶል እብሃል!" በላ። ጥምት ኣቢላ ፍሽኽ በለት።

"ሓብተይ መን'ዩ ስምኪ ክብለኪ'ባ ኣይትጸበዩ" ደገመ።

"ኣብርሃጽዮን እብሃል ጽቡቕ ሌላ" ኢላ ሰላም በለቶ። ፍርቂ ልባ'ያ ነይራ። ናይ ኣቦኣ ኲነታት የሻቕላ፡ ነቲ መደብ ድማ ክትከታተል ተፈራሪቓ እንከላ ቀሎ ጥጥቓ ዘረባ ኀኒፉዋ። ኣብ ውሽጢ ዕቱብ ነገር ትርከምርኪ ዝርርባት ጸልኣቶ።

ወዮ መንእሰይ ግን ኣይዓጀቦን፡ እናጠመታ ሰሓቕ ሞተ። ቅጭ መጺእዋ ተጸዊጋ ጠመተቶ። ምስቲ ጀብጀብ ጸጉሩን ቅይሑን ምስቲ ዘይልሙድ ስሙን ካብ ደገ ዝመጸ መንእሰይ ገይራ ቆጸረቶ።

"ስምዕኒ ንስኺ ትመስሊ ጽብቕቲ መንእሰይሲ፡ ንምንታይ ኣብርሃጽዮን ኢሎም ንመልክዕኺ በሊሎሞ?" ኢሉ ሓተታ። 'እቲ ስም ኣሪጉ'ዩ' እዩ ዝብል ነይሩ። ንሳ'ሞ ብኸመይ ከተረድኦ? ጽን ኢሉ ዝሰምዕ መንእሰይ ኣይነበረን። ንታሪኽ ቦታ ዝህብ ኣይመስልን።

"ታሪኽ እዩ ዝዝንቶ ዘሎ ስቕ ኢልካ ስማዕ!" በለቶ።

"ንስኺ ደኣ ጽን ኢልኪ ስምዒ እምበር ኣነስ ብዙሕ ግዜ ሰሚዐዮ'የ፡ ይደጋግሞ'የ ዘለኹ" ምስ በላ ሰንበደት። ኲሉ ውቃበኡ ካብ ደገ ዝመጸ እዩ ዝመስል።

"ጋሻዶ ኣይኮንካን?" ሓተተቶ።

"ኣይኮንኩን፡ ብኸመይ ደኣ ጋሻ ኢልክኒ?" ክዛርባ'ዩ ሒኹ ዝብል ነይሩ።

"ኣነስ ስምካን ወጅሀኻን ካብ ሰግር ባሕሪ ዝመጻኻ'ዩ መሲሉኒ"

"ላላእ ወዲ'ዚ ባሕሪ'የ!" ምስ በላ ክትፈትዎ ጀመረት።

"እሞ ድሕሪ'ዚ መደብዶ ከነዕልል፣ ሕጂ ኣሰምዓኒ ነዚ ዘይምኖ ታሪኽ ክሰምዖ እየ መጺአ፡ ክገርመካ ኣቦይ ኣብ ሆስፒታል ገዲፈ'የ መጺአ" በለቶ።

"ሶሪ እንታይ ኮይኖም?" ሓተታ።

"ሓሚሙ"

"በቃ ሕራይ ምስተወድአ ነዕልል፡ ብሓደ ድማ ንኸዶም፡ ንበጽሖ" ቀምነገረኛ መሰለ።

ታሪኽ ሳሊና 77 ምስ ታሪኽ ምሕራር ባጽዕ ተኣሳሲሩ ዝውሃብ ዝነበረ መደብ ተዛዘመ።

***

ኣብርሃጽዮን ምስ ዶልፊዶል ዕላል ቀጸሉ።

"እንታይ ኴንካ ኢኻ ዓንተቦይ ዝሰሓቕካ?"

"ስምኪ እኮዩ ኣስሒቑኒ፡ ከመይ ኢሎም እዮም ኣብርሃጽዮን ኢሎሙኺ? ንምቅብጣር እኳ ዘይበቅዕ ስም"

"ታሪኻዊ ስም እዩ፡ ከማኻ ጓል በጃኽን ኣይኮንኩን ጓል ተጋደልቲ'የ!" ኢላ ትርር በለትሉ።

"ኲልና ደቂ ተጋደልቲ፡ የግዳስ ኣብርሃጽዮን ዝብል ታሪኽ የብልናን" ኢሉ እናሰሓቐ ጠመታ። እንተሎ ድማ ንገርና ዝዓይነቱ ኣጠማምታ።

"ናተይ ብኣካል ክትርእዮ ክወስደካ'የ፡ ናትካኸ እንታይ'ዩ ቀንቀኛኡ እዚ ስምካ?" ሓተተቶ፡ ዶልፊዶል ዝብል ስም ሰሚዓ ኣይትፈልጥን'ያ።

ብቐጥታ ክምልሰላ ደለየ፡

" ኣቦይ ባሕረኛ እዩ፡ ተጋዳላይ ዓንዶም ይብሃል" ኢሉ ስቕ በለ። ክትሰሕቕ ደለየት።

"ኣንታ ስምካ እየ ሓቲተካ፡" በለቶ።

"ሓንሳብ እንዶ፡ ደቂ ኣንስትዮ እኳ ክትህወኻ ጉድ ኢኽን!"

"እንታይ ክንህወኽ ደኣ ዝተሓተትካዮ ዘይትምልስ፡"

"ኣቦይ ከምዚ ዝበልኩኺ ባሕረኛ እዩ። ገድሉ ኣብ ባሕሪ እዩ ኣሕሊፍዎ፡ ዶልፊዶል ድማ ሓንቲ ካብ ደሴታትና እያ" ምስ በላ ሰንበደት።

"ኣቦኻ ኣባል ሓይሊ ባሕሪ'ዩ ማለት ድዩ? ኣብዚ ኢኻ ተወሊድካ? እሞ ንባባስ ትፈልጦ ትኸውን?" ተደራራቢ ሕቶታት ኣዝነበትሉ።

"መን ድዩ ዝብሃል ባባኺ? ኣበይከ'ዩ ዝሰርሕ?"

"ሓይሊ ባሕሪ ነይሩ ሕጂ ብሕማም



ምኽንያት ኣዕሪፉ'ዩ ዘሎ፡ ደግለል ይብሃል" በለቶ። እታ ስም ልቡ ሃረመቶ።

"ደሓን ብሕጂ ንርእዮ ግን ሻሂዶ ንስተ?" ሓተተ።

"ኖ ሎሚ ናይ ታሪኽ መዓልቲ'ዩ፡ ንኺድ ናብ ሓደ ቦታ'ሞ ትርጉም ስመይ ኣብኡ ክጸንሓካ'ዩ፡" በለት።

"ሕራይ ኣበይ ቦታ ድኣሉ ታሪኽ ዝርከቦኸ?" ሓተተ።

"ደሓን ባዕለይ ክመርሓካ'የ ጥራይ ድሉው ኩን!"

ኣብርሃጽዮን ንዶልፊዶል መሪሓቶ ጉዕዞኣ ቀጸለት። ዶልፊዶል ፍትወት እውን ኣሕዲሩ ብምንባሩ ካብ ምስዓባ ኣይተቖጠበን። ኲሉ ኣቀራርባኣ ባህ ኢልዎ እዩ። ትርጉም ኣብርሃጽዮን ድማ ክፈልጥ ደለየ።

"ልዕሊ 300 ደሴታት እየን ዘለዋና ኣስማተን ግን ኣይንፈልጠንን ኢና፡ ዶልፊዶል መጀመርታ ናይ ባዕዲ ስም እዩ መሲሉኒ ድሓር ግን እቲ ዝበልካዮ ሓቂ ክኸውን ይኽእል'ዩ ኢለ፡ ብዝኾነ መጸውዒ ስምና ታሪኻዊ ክኸውን እንተዝኽእል ግርም ምኾነ" ምስ በለቶ ባህ በሎ።

"ዶልፊዶል ማለት ኣብ ሞንጎ ኖራን ዳህላክን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሞንጎ ደሴታት ሃርሚል ሓዋጥብን፡ ኣብ ማእከል ትርኩብ ኮይና፡ ዓሳታትን ካልእ ጺጋታትን ዝወነነት ሃብታም ደሴት'ያ። ባባ ነዛ ደሴት ንምዝካር'ዩ ዶልፊዶል ዝበለኒ" በላ።

"ብሓቂ ባህ ዘብል እዩ። ካብ ታሪኹን መንነቱን ዝሃድም ኣብ ዘይናቱ ሎቕታ ኣትዩ ዝሕባእ ጽባሕ መን ኢኻ እንተብልዎ መን'የ ይብል? ብዝኾነ ኣነ መን'የ ዝርአ ካብ ሓውን ረመጽን ዝተረፋ ውጻእ መዓት ኣብ ቅድሚ ዓይኒ ዶልፊዶል ቅጅል ኢለን ተራእያ። ዶልፊደል ከንብብ ጀመረ።

ፈጣን ጃልባ ቮልቮ፡
ፈጣን ጃልባ ያማሃ፡
ፈጣን ጃልባ ኣብርሃጽዮን፡
ፈጣን ጃልባ ኣዴታት፡

ዶልፊዶል ኣድህቦኡ ናብታ ፈጣን ጃልባ ኣብርሃጽዮን ገበረ።

"ኣብ መፋርቕ 1985 ናብ ሓይሊ ባሕሪ ህዝባዊ ግንባር ተጸምቢራ፡ ኣብ 1988 ብርቱዕ ማዕበል ኣብ ሓስመትን ማርሳ ተኽላይን ዝርከብ ዓሚቝ ባሕሪ፡ ድሕሪ ምጽዋር ክሳብ ምሕራር ወደባዊት ከተማ ባጽዕ ሰሪሓ።

106 ሚ.ሜ መድፍዕ

5 ተጋደልቲ

1 ሬድዮ ርክብ

1 ብሬን ፒከይ ትጽዕን። ናይ'ዛ ጃልባ መራሒ ከም ካፒተን ዘሸከርክራን መድፍዓጂ ብሬን ዝኹነን፡ ብጅግንነት ዝዋጋእን ዘዋግእን ተጋዳላይ ደግለል ፍስሓጽየን እዩ።"

ነዚ ዘንበበ ዶልፊዶል ንኣብርሃጽዮን ቀው ኢሉ ጠመታ። ኣብ ኣዒንቱ ንብዓት ጸረር ክብል ተራእየ።

***

"ንደግለል ክረኽቦ ኣለኒ፡ ንዕናይ ቀልጢፍና ንኺድ፡ ደንጉናዮ ኣለና፡ ሕቶታት እውን ኣለኒ፡" ቀልጢፍን ርቡጽን ሕቶታት ሓተተ። ኣብርሃጽዮን ቀልጢፋ ለውጢ ዶልፊዶል ኣገረማ። ኣቦኣ ከምዚ ገለ ዝኾነ ኮይኑ ተሰምዓ።

"ሕራይ ንኺድ ደንጉና እውን ኣለና፡ ኣነስ ኲሉ ነገር ክርድኣካ ኢለ'የ ናብዚ ሒዘካ መጺአ፡ ንባባ ድማ ድላይካ ክትሓቶ ትኽእል ኢኻ" ኢላ ሒዛቶ ተበገሰት። ሆስፒታል ግራር ብቕጽበት በጽሑ። ኣዕሩኽ ደግለል ኣብቲ ቦታ ኣይጸንሕዎን። ደግለል ንበይኑ ብጽምዋ ተኸቢቡ ጸንሖም።

"ባባ እዚ ወዲ፡ ወዲ ተጋዳላይ እዩ። ኣቡኡ ባሕረኛ ዝኾነ ስሙ ድማ ዶልፊዶል ዝብሃል እዩ። ከምቲ ናትካ ንሱ እውን ንመዘከርታ ሓንቲ ታሪኻዊት ደሴት ዶልፊዶል ኢልዎ፡ ሕጂ ክበጽሓካን ክሓተካን መጺኡ'ሎ!" በለት። ተጋዳላይ ደግለል ብዓይኑ ይጥምቶም ነበረ። ኣዕልል ውዒሉ ዝደኸሞ ይመስል። ዘረባ ኣየምሎቐን። ዶልፊዶል ክዛረብ ጀመረ።

"ባባ ደግለል፡ ወዲ ዓንዶም'የ። ስእልኻ ኣብ ገዛና'ሎ፡ ኣቦይ ናይታ ኣብ ጃፓን ያማሃ ተሰሪሓ ዝመጸት ፈጣን ጃልባ እሞ ያማሃ ዝበልኩማ መራሕን ተዋጋእን ዝነበረ እዩ። ብስእልኻ ይፈልጠካ ነይረ፡ ሕጂ ድማ ምስዛ ሓብተይ ጓልካ ኣብርሃጽዮን ተፋሊጥና፡ ታሪኽ'ዩ ኣፋሊጡና፡ ስምና ድማ ተሓታቲትና፡ ናብ ዕምቆት ጥሒልና ናባኻ ናብ ብራኽ በጺሕና፡ ኣቦይ ተሰዊኡ እዩ። ታሪኹ ግን ኣሎ። ታሪኽካ እውን ኣሎ ኣብ ስምናን ተግባርናን እውን ክህሉ'ዩ። ህዝባዊ ግንባር ሓሳብን ተግባርን እያ። ብሉጽ ሓሳብ ሰኣን ተግባር ዝተረኸመሸ ሰውራታት ብዙሕ እዩ። ናትኩም ግን ኣይተረኸመሸን፡ ተዓዊቱ ኣዩ። ኣብርሃጽዮን እታ ፈጣን ጃልባኻ፡ ጃልባ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ቤተመዘክር ኣላ። ንስኻ እውን ኣብ ቤተ መዘክር ኣለኻ! ኣብ ልብና ኣለኻ! ኣብ ልቢ ኹሉ ኤርትራዊ እውን ኣለኻ! ክሓተካ ዝደለኹ ሕቶታት ኣለኒ፡ ሞተረ ብዓል ኣብርሃጽዮንን ያማሃን ደው ምስ በለ ልብኹም ደው ዘይምባላ ሓይልኹም ክሳብ ክንደይ ምንባሩ እዩ? እንቋዕ ተወለድኩም፡ ስለተወለድኩም ሃገር ወሊድኩም ንዓና እውን ወሊድኩም። ናይ ኣብርሃጽዮን ክሓተካ፡ ብኸመይ እዩ ነታ ጃልባ ኣብርሃጽዮን ዝበል ስማ ወጺኡዋ? ፈጣን ጃልባ ያማሃ ኣብ ጃፓን ያማሃ ስለዝተሰርሐት እዩ ያማሃ ወጺኡዋ፡ ናይ ኣብርሃጽዮን ግን ከመይ እዩ? ኤርትራ ሓንቲ ደብሪ፡ ተጋደልቲ ከም ቀንዴል ብርሃን ደኾን ይኸውን እቲ ሕርያ? ከምቲ ምፍራስ ግንባር ናደው በሪ ዓወት ፈንቅል ዝኾነ ዓወት ፈንቅል ድማ በሪ ምኽፋት ናጽነትን ምንጪ ብርሃን ኤርትራን ስለዝኾነዶ ይኸውን እዛ ጃልባኻ ኣብርሃጽዮን ስማ? እንታይ እዩ ሱር ግሱ ሱር ስሙ ናይዚ ኣብርሃጽዮን ዝብል ስም? ንገረኒ ንገረኒ!?" ናብ ጽሉል ተቐየረ። ኣብርሃጽዮን ጋን ኮይኑዋ ደው ኢላ ገጽገጽ ኣቦኣ ትጥምት ነበረት። ተጋዳላይ ደግለል ዝጥምት ዘሎ ክመስል ኣዒንቱ ኣይተኸድነን ልሳኑ ድማ ኣይነበረን፡ ዓይኑ ቋሕ ሰም ኣይበለን! ኣዒንቲ ኣብርሃጽዮን ግን ካብ ንቡር ፈጢጠን መቓልሕ ዘናወጸ ድምጺ ኣውያት ኣቃልሐ!

***



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምልክታት ብትከተ - ጽግያት

ወርሓዊ ጽግያት፡ ብተፈጥሮ ንደቂ ኣንስትዮ ካብ ዝተዓደለ ጸጋታት ሓደ እዩ። ሓንቲ ጓለስተይቲ ኣብ ከባቢ ዕድመ 12 ክሳብ 13 ዓመት ምስ በጽሐት፡ ክትፈሪ ከም እትኽእል ዘርኢ ምልክት ግርዝውና ዝኾነ ወርሓዊ ጽግያት ክመጽኣ ይጅምር። እዚ ወርሓዊ ጽግያት እዚ፡ እታ ጓለስተይቲ ኣብ ከባቢ 40 ዓመት ዕድመ ምስ በጽሐት ስሩዕ ዑደቱ የቋርጽ። ምቁራጽ ዑደት ወርሓዊ ጽግያት ብትከተ-ጽግያት ይበሃል። ኣብ ደረጃ ብትከተ ጽግያት ምስኣተወት ክትፈሪ ኣይትኽእልን እያ።

ሓንቲ ጓለስተይቲ ዝኾነ መድሃኒት ወይ ፍወሳ ከይተጠቐመት ወርሓዊ ጽግያት ከይመጻ 12 ኣዋርሕ ምስ እትገብር፡ ኣብ ደረጃ ብትከተ ጽግያት ኣትያ ክንብል ንኽእል።

ኣብ ግዜ ለይቲ ምርሃጽ ሓደ ካብቲ ልሙድ ምልክታት ኣብ ዕድመ ብትከተ ጽግያት ናይ ትኣቱ ዘላ ጓለንስተይቲ እዩ።

ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሓያሎ እንቋቑሖ ሒዘን እየን ዝፍጠራ። እቶም እንቋቑሖ ኣብ ማህደር እንቋቑሖ እዮም ዝኽዘኑ። ማህደር እንቋቑሖ - 'ኤስትሮጅን' ከምኡ'ውን 'ፕሮጀስተሮን' ዝበሃሉ ሆርሞናት የዳሉ። እዞም ሆርሞናት ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ንዝመጽእ ወርሓዊ ጽግያት ይቆጻጸሩ። ዘርኢ ክትክውን ዝዓለወ እንቋቑሖ (ovulation) ድማ ይልእኽ። እቲ ማህደር እንቋቑሖ፡ ዘርኢ ክትሕዝ እትኽእል እንቋቑሖ ኣዳልዩ ምስ ዘይልእኽ ብትከተ-ጽግያት የጋጥም። ኣብዚ ምምጻእ ወርሓዊ ጽግያት ደው ክብል ግድን ይኸውን።

ብትከተ-ጽግያት ብደረጃ ዕድመ ክርኢ እንከሎ ካብ 40 ዓመት ንደሓር የጋጥም። ኣብ ገለ እተን ብትከተ-ጽግያት ኣቐዲሙ ክመጽእ ይኽእል እዩ። እዚ ብሰንኪ መብጣሕትን ካልእ ፍወሳን ክኸውን ይኽእል። ብትከተ-ጽግያት ብዝዩ ዝኾነ ምኽንያት ቅድሚ 40 ዓመት ዕድመ ምስ ዘጋጥም 'መዓልቱ ዘይኣኸለ ብትከተ-ጽግያት' ተባሂሉ ይግለጽ።

**ፋልማይ ምልክታት**

ኣብ ብትከተ-ጽግያት ዝተቓረባ መብዛሕትአን ደቂ-ኣንስትዮ ተደጋጋሚ ኣካላዊ ሙቐት ይስምዐን። እቲ ሙቐት ዝያዳ ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ሰብነተን ኮይኑ ተደጋጋሚ ክርህጻን ቆርበተን ክቕይሕ ይርኤ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፦

- እቲ ወርሓዊ ጽግያት ዘይስሩዕ ሓንሳብ'ውን ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ከይመጻ ይጸንሕ፥
- ርሕሚ ክነቕጽ ይርኤ፥
- ቃንዛ ጠባ፥
- ቀቅልጢፍካ ክትሸይን ምድላይ፥
- ጸገም ኣብ ድቃስ፥
- ናይ ባህሪ ለውጢ ምርኣይ፥
- ምንቃጽ ቆርበት፡ ዓይንን ኣፍን ወዘተ የጋጥም።

ድሒርም ዝመጽኡ ምልክታት

- ድኻምን ረሸሽ ምባልን፥
- ጸቕጢ፥
- ልዑል ህርመት ልቢ፥
- ሕማም ርእሲ፥
- ቃንዛ መላግቦን ጭዋዳን፥
- ምውሳኽ ክብደት ሰብነት፥
- ምርጋፍ ጸጉሪ ርእሲ፥
- ድሌታት ስጋዊ ርክብ ምዕባይ ወዘተ እዮም።


**ደረጃታት ብትከተ-ጽግያት**

ብተፈጥሮ፡ ምስ ግዜ ባዕሉ ዝመጽእ ብትከተ-ጽግያት ሰለስተ ደረጃታት እዩ ዘለዎ።

**ቅድመ ብትከተ-ጽግያት፦** እዚ እቲ ጽግያት ምሉእ ብምሉእ ቅድሚ ምቁራጹ ኣብ ዘሎ ገለ ዓመታት እዩ ዝርአ። ኣብዚ እቲ ማህደር እንቋቑሖ ውሑድ 'ኤስትሮጅን' ሆርሞን እዩ ዘፍሪ። ከምኡ እናበለ ድማ ክሳብ ብትከተ-ጽግያት ይጸንሕ። ብትከተ-ጽግያት ከጋጥም እንከሎ ግና እቲ ማህደር እንቋቑሖ ምሉእ ብምሉእ እንቋቑሖ ኣዳልዩ ዝርኢ ካብ ምልኣኽ ደው የብል። ምልክታት ናይ ብትከተ-ጽግያት ድማ ብኡ ንብኡ ክረኣዩ ይጅምሩ።

**ብትከተ-ጽግያት፦** ኣብዚ፥ ብዝዩ ዝኾነ ምኽንያት ወርሓዊ ጽግያት ከይመጻ ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ምስ ዝጸንሕ እዩ እታ ጓለስተይቲ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ኣትያ ዝበሃል።


ድሕረ ብትከተ-ጽግያት፦ እዚ ደረጃ'ዚ ብትከተ-ጽግያት ካብ ዝተሰልየሉ እዋን ንደሓር ንዘሎ ዕምሪ ናይታ ጓለስተይቲ እዩ ዘመልክት። ኣብዚ እታ ጓለስተይቲ ከም ምሐር ረስኒ ሰብነትን ረሃጽን ዝኣመሰለ ምልክታት ተርኢ። ምጉዳል ናይ ሆርሞናት 'ኤስትሮጅን' ድማ ምስ ዕድመ ኣብ ጥዕንኣ ጉድኣት ከውርደላ ናይ ዘለዎ




ተኽእሎታት እናዛየደ ይኸይድ።

**ቀዳሚ ዘጋጥም ብትከተ-ጽግያት**

ጀነራዊ ባህሪ ናይታ ጓለስተይቲ፡ ንኣብነት ምምዝባዕ ኣብ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ክኸውን ይኽእል፥ ብትከተ-ጽግያት ቀዲሙ ክመጽእ ካብ ዝገብር ጠንቅታት ሓደ እዩ። ካልኦት ካብኡ'ውን ጠንቅታት ንምዝርዛር፦



- **ምድካም ማህደረ እንቋቑሖ** (ovarian failure)፦ ማህደር እንቋቑሖ ብዝዩ ዝኾነ ምኽንያት ዝርኢ እትኸውን እንቋቑሖ ካብ ምልኣኽ ክቋርጽ ይኽእል። ኣብዚ መጠን ናይቶም 'ኤስትሮጅን'ን 'ፕሮጀስተሮን'ን ዝበሃሉ ሆርሞናት ምዝንባዕ ከጋጥም ንቡር እዩ ዝኸውን። እዚ ክስተት'ዚ እታ ጓለስተይቲ 40 ዓመት ዕድመ ቅድሚ ምእካላ ምስ ዘጋጥም ምድካም ማህደረ እንቋቑሖ ቅድሚ ግዜኡ ኣጋጢሙ ይበሃል።

- **ብደጋዊ ድፍኢት ዝመጽእ ብትከተ-ጽግያት (Induced menopause)፦** ኣብዚ ብሕክምናዊ ምኽንያት ማህደር እንቋቑሖ ከም እትወጽእ ይግበር። ብጸርግን ከሚካላዊ ፍወሳን ማህደር እንቋቑሖ ከም እትዓኑ'ውን ይግበር እዩ።

**ምልክታት ብትከተ-ጽግያት ንኽንደይ እዋን እዩ ዝጸንሕ?**

ብትከተ-ጽግያት ካብን ናብን ደቂ-ኣንስትዮ ይፈላለ እዩ። ብሓፈሻኡ ቅድመ ብትከተ-ጽግያት ዝርኢ ምልክታት ንኣስታት ኣርባዕተ ዓመታት ክርኢ ይኽእል እዩ።

**ለውጢ ኣብ ኣካብራ**

ኣብ ኣካብራ ለውጢ ብምግባር ሓያሎ ደቂ-ኣንስትዮ ነቲ ዘጋጥመን ምልክታት ክብደህአ ይረኣያ እየን። ስለዚ



ንሸኺ'ውን ዝም ስዒቦም ዝረኣዩ ነጥብታት ክትቕልብሉ ይግባእ፦

- ልዑል ሙቐት ምስ ዘስመዓኪ ዝሑል ዝበለ ማይ ክትሰትዪ ይምረጽ። ፈኲስ ክዳን ክትወዲ ጽቡቕ እዩ። ግዘኺ እኹል ንፋስን ኣየርን ክኣትዎ ከም ዘለዎ ኣስተብህሊ።
- ጽሬት ኣካላትኪ ብግቡእ ክትሕልዊ ይግባእ። ጽሬት ርሕምን ከባቢኡን ምሕላው ድማ ኣገዳሲ እዩ።
- እኹል ድቃስ ክትረኽቢ ምውስዋስ ኣካላት ኣዘውትሪ። ምውስዋስ ኣካላት ብዝተፈላለዩ ካልኦት ሕማማት ክትጥቃዒ ንዘለኪ ተኽእሎታት ኣብ ምጉዳል'ውን ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ።
- ማሕበራውን ኣእምሮኣውን ንጥፈታትኪ ከተበርኺ ይግባእ። እዚ ድሒሩ ብኣእምሮኣዊ ጸቕጥን ጭንቀትን ክትጥቃዒ ዘለኪ ተኽእሎታት የጉድሎ እዩ።
- **ሽጋራ ዘይምትካኽ፥** ምትካኽ ሽጋራ ብትከተ-ጽግያት ኣብ ዘይግዜኡ ክመጽእ ጠንቂ ክኸውን ከም ዝኽእል ይንገር።
- **ኣመጋግባኺ ስሩዕን ዝተመጣጠነን** ክኸውን ይግባእ። ክብደት ሰብነትኪ ብግቡእ ክትቀጻጸሪ ከም ዘለኪ'ውን ኣይትዘንግዒ።



**ድሕሪ ብትከተ ጽግያት ዘጋጥሙ ሕልኽላኻት**

ኣብ ንጽፈ-ጽግያት ዝረኣዩ ሆርሞናዊ ለውጥታት፡ ነተን ደቂ-ኣንስትዮ ንዝተፈላለዩ ጥዕናዊ ጸገማት ከም ዘቃልዐን ክኢላታት ይገልጹ። "ኤስትሮጅን ኣብ ኣካላትና ንዝካየድ ሓያሎ ንጥፈታት እዩ ዝዕቅብ - ንንጥፈታት ኣእምሮ፡ ቆርበት፡ ኣዕጽምቲ፥ ልቢ ወዘተ" ይብሉ ተመራመርቲ።

- **ሕማም መንጋጋን ስንን**

ሕማም መንጋጋን ስንን፥ መጠን ናይ 'ኤስትሮጅን' - ማለት ጾታዊ ኣካላዊ ክዩ-እናንቀልቀለ ምምጻኡ፥ ኣብ'ታ ጓለንስተይቲ ተደጋጋሚ ምምሽማሽ ኣስናንን ቃንዛ ግርጻንን ኪጋጥማ ንቡር እዩ። ስለዚ ልዕሊ ማንም ካልእ እዋን ግቡእ ኣተሓሕዛ ጽሬት ኣፍ ከም ዘድልያ ክትዝንግዖ የብላን። ኣብ ድሕረ ንጽፈ-ጽግያት ዝርከባ ደቀንስትዮ፡ ኣፈን ብተደጋጋሚ ክደርቕ ስለ ዝርኢ ምቅጻልን ሰላን ናይ ምንጋጋ ይረኣየን እዩ። በዚ ድማ ጥዕሚ ናይ መግብታት ኣብ ምልላይ ክሽገራ ከም ዝረኣያ ክኢላታት ይሕብሩ።

- **ምቁራጽ እስትንፋስ ኣብ ድቃስ**

ምቁራጽ እስትንፋስ ኣብ ድቃስ፥ ኣብ ግዜ ድቃስ ዝርኢ ምዕባስን ምቁራጽ እስትንፋስን ድሕረ ብትከተ-ጽግያት ዝያዳ ጌሩ ከም ዝርኢ ክኢላታት የመልክቱ። እዚ ጸገም'ዚ ብሰንኪ ምንቅልቃል ፕሮጀስተሮን (progesterone) - ናይ ጥንሲ ሆርሞን - ዝኸሰት እዩ። እዚ ዓይነት ጸገም'ዚ ድማ፥ ብቐሊሉ ክፍወስ ከም ዘይክእል እዩም ሓኪይም ዘመልክቱ። ከም ሳዕቤኑ ምድኻምዚ፥ ኣእምሮኣዊ ምዝንባዕ፥ ተደጋጋሚ ሕማም ርእሲ፥ ጭንቀትን ካልእ ጸገማትን የስዕብ።

- **ሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን**

ድሕረ ብትከተ-ጽግያት ዝርከባ ደቀንስትዮ ብሕማም ሽኮርን ጸቕጢ ደምን ክጥቅዓ ዘለወን ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ። ትሑት መጠን 'ኤስትሮጅን'፥ ተጻዋርነት ኢንሱሊን ናይ ሰብነት ከም ዘወስኾ እዩ ዝንገር። ሓንቲ ድሕረ ንጽፈ-ጽግያት ዘእተወት ጓለስተይቲ ብቐጻሊ ሕክምናዊ መርመራ ክተካይድ ከም ዘለዋ ሓኪይም ይመኽሩ።

- **ሕማም ልቢ**

ሕማም ልቢ፥ ቅድመ ብትከተ-ጽግያት ብማህደረ እንቋቑሖ ዝፈርዩ 'ኤስትሮጅን' ንጥዕናና ኣገዳሲ፥ ዝኾኑ 'HDL' ኮሌስትሮል ብልዑል ዓቐን ክፍርዩ እንከለዉ፥ ነቶም ሓደገኛ ኮሌስትሮል 'LDL' ግና ብዙሕ ከም ዘይፈርዩ ይገብርዎም። በዚ፥ እታ ጓለንስተይቲ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ንኸይትጥቃዕ ይሕግዛ። ብንጻሩ ምጉዳል ከዕታት ኤስትሮጅን፥ ድሕሪ ምቁራጽ ጽግያት ዘጋጥም'ዩ ነታ ጓለስተይቲ ንሕማም ልቢ ዝተቓልዐት ይገብራ። መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፥ ሓንቲ ካብ ሸዱሽተ ጽግያት ዘቋረጸት ጓለንስተይቲ ብሕማም ልቢ ዝተጠቕዐት እያ። ሽጋራ ዘይምትካኽ፥ ኣሕምልትን ፍረታትን ምዝውታር፥ ምውስዋስ ኣካላት ምኽያድ ገለ ካብቶም ድሕረ ምቁራጽ ጽግያት ደቂ ኣንስትዮ ክድህብሉ ዝግብኦም ሜላ መንበሮ እዩ።

- **ጸገም ስርዓት ሸንቲ**

'ኤስትሮጅን'፥ ኣብ ምቁጽጻር ስርዓት-ሸንቲ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ። ንጭዋዳታት ፍሕኛ ሸንቲ ብምሕያል፥ ናይ ምጭባጥን ምምጣጥን ዓቕሙ ከም ዝዕቀብ ይገብር። ኣብ መናድቕ ሻምብቆታት ሸንቲ ንዝእከቡ ታህዋስያን (ባክተርያ) ብቐሊሉ ከም ዝወጹ ስለ ዝገብርም ድማ፥ እታ ጓለንስተይቲ ኣብ ስርዓት ሸንቲ ከጋጥማ ዝኽእል ረኽሲ ዝተሓተ ይኸውን። ብንጻሩ ዓቐን 'ኤስትሮጅን' እናጎደለ ኣብ ዝመጽሉ እዋን ንረኽሲ ዝተቓልዑ ትኸውን። ኣብ 2013፥ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዋሽንግተን ኣብ ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ሕክምና ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ካብተን ንመጽናዕቲ ዝተሓርያ ድሕረ ብትከተ-ጽግያት ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ፥ ሓደ ርብዒ ብረኽሲ ስርዓት ሸንቲ ዝተጠቕዓ ኮይነን ተረኺበን። ነቲ ከጋጥም ዝኽእል ጸገም ንምእላይ እተን ደቂ ኣንስትዮ ምውስዋስ ኣካላት ክዘውትራ፥ ብዝበዝሐ ፈሳሲ ክሰትያን ኣካላዊ ጽርየት ክሕልዋን ከም ዘድሊ ሓኪይም ይመኽሩ።

- **ምህማን ዓጽሚ**

'ኤስትሮጅን' ጻዕቅን ድልዳለን ኣዕጽምቲ ኣብ ምዕቃብ ልዑል ተራ እዩ ዘለዎ። ጽግያት ዘቋረጻ ደቂ ኣንስትዮ ንምህማን ዓጽሚ (osteoporosis) ዝተቓልዓ ምዃነን ሓኪይም ይገልጹ። ካብ 20 ክሳብ 30 ሚእታዊት ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝርኢ ምህማን ኣዕጽምቲ ኣብ ቀዳሞት ሓሙሽተ ዓመታት ድሕረ ብትከተ-ጽግያት ይርኤ። ስለዚ፥ ኣብዚ ዕድመ'ዚ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ልዑል ትሕዝቶ ካልሽየም ዘለዎም መግብታት ክወስዳ ይምከራ። ምጡን ክብደት ሰብነት ክውንና ምውስዋስ ኣካላት ከዘውትራ፥ ዝወሰድኦ መጠን ሽኮር ክጉድላ ይግባእ። ኣልኮላዊ መስተን ቡንን ካብ ኣዕጽምቲ ካልሽየም ልሒጹ ናይ ምውጻእ ባህሪ ስለ ዘለዎ፥ ብዙሕ ክወስድኦ ኣይግባእን።



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

# ኣፋዊ ስነ ግጥሚ

መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)
ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ

ቀዳማይ ክፋል

ኣፋዊ ያታ (oral tradition)፡ ወዲ ሰብ ፍልጠት፡ ስነ ጥበብ፡ ሓሳባትን ወጽኢት ባህሊ ንዘኹሉ መሳርሒታት ንምፍራይ፡ ንምዕቃብ፡ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ንምስግጋርምን ከም ድልድል ዝጥቀመሉ ልቦና ወይ ጥበብ እዩ። ዝበዝሐ ምስግጋር ኣፋዊ ያታ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብኣፋዊ ዝርርብን ምልክትን ስነ ግጥምን ይፍጸም። እዩም ኣብ ዝኾነ ያታ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገሩ ትሕዝቶታት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ድማ ኣፋዊ ዛንታ፡ ኣፋዊ ስነ ጽሑፍ፡ ያታዊ ሕግን ፍልጠትን ክኾኑ ይኽእሉ። እዞም ሰለስተ ዓበይቲ ምድባት ኣፋዊ ያታ ኣብ ዝበዝሑ ሕብረተሰባት ዝርከቡ ክፋላት ኣፋዊ ያታ እዮም። ክኢላ ናይቲ ዓውዲ ጆን ፎሊ ከም ዝበሎ እውን ኣፋዊ ያታ ኣብ ኩሉ ኩርናዕ ናይ ዓለም ከም ዝርከቡ፣ ነፍሲ ወከፍ ዝሓለፈ ወለዶ እውን ንኣፋዊ ያታኡ ንምዕቃብን ንምስግጋርን ከም ዝጸዓተ እዩ። እቲ ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ዝኢ ንምግባር ዘሰላስሎ ዝበረ ንጥፈታት ድማ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ጥንታዊ ኣሰራርሑ ተመልኪቱ ምህላዉ እዩ።

ዝኾነ ሕብረተሰብ ማብቁሉን ታሪኹን ንምፍታሽን ንምፍላጥን ንኣፋዊ ያታኡ እዩ ዝወከስ። ብኻልኦት ዓውድታት ናይ ፍልጠት ንዝመጽኡዎ ንእንታይነቱ ዝገልጹ ርኽበታትን ገለጻታትን ክንዲ ንኣፋዊ ያታኡ ጊዩሩ ክብርን እዝኒን ኣይህብዎን። ኣብ ሕብረተሰብ ዝርከቡ ዜጋታት፡ ከበርክትዎ ዝለዎም ማሕበራውን ሃይማኖታውን ግዴታኦም፡ ልዕሊ ሕግን መምርሒታትን ንኣፋዊ ያታኦም ይምእዘዙ። ኣፋዊ ያታ ቀንዲ ናይ ትምህርትን ምዕባለን ዕጥቆም እዩ። ዘመናዊ ስርዓት ትምህርትን ሓበሬታን ምስ መጽአ እውን እንተኾነ፡ ትሕዝቶኡን ኣገባብ ኣቀራርባኡን ብዙሉ ነቲ ኣፋዊ ያታ ዝኽተሎ መገዲ እዩ ዝመርጽ። ዓበይቲ መጻሕፍትን ፊልምታትን ናይ ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ እንተተፈቲሸም እውን ንኣፋዊ ያታ ብምልኣት ወይ እውን ሕመረት ብምግባር ዝተሰርሑ እዮም። ብሓፈሻ፡ ኣፋዊ ያታ፡ ዝኾነ ሕብረተሰብ ምንጪ ልቦናኡን ውሕሰት ቀጻልነቱን ምኳኑ ኣዳዕዲዑ ዝኣምኑሉ ዓውዲ ፍልጠቱ እዩ። ቅድሚ ዝረኣን ዝፎኸባቦጥን ጸጋታት ዝሰርያ ሃብቲ እንተሃልዩ እውን ንሱ እዩ ኣፋዊ ያታ።

ኣፋዊ ስነ ግጥሚ፡ ካብ ኣፋዊ ስነ ጽሑፍ ቅድም ዝሰረዕ ኣካል ኣፋዊ ያታ እዩ። ከም ኩሎም ናይ ኣፍ ያታታት፣ ኩሎም ሕብረተሰባት ጸጋታት ሕሉፍ ወለዶ ብምግልጋል ብኽብሪ ዝሕዝዎን ወሪሶም ዘውርስዎን ባሕሪ ጸጋታት ድማ'ዩ። ኩሎም ሕብረተሰባት ካብ ውልቃዊ ፍልልየምን ፍልልያቶምን ንላዕሊ፡ ኣብ ሓባራዊ ድሕሪ ባይታን ሓባራዊ መንነትን ብምትካር፡ ንህልውን መጻኢን ዓቢ መሰረት ከንጽፉ ምስ ዝደልዩ፣ ከም ኩሉ ኣፋዊ ያታ፡ ንኣፋዊ ግጥምታቶም ሰረትን ካብኡ ዝቕል ህንጻን ይገብሩ። ንኣፋዊ ግጥምታቶም ድማ ኣብ ዝኾነ መልክዖት ናይ ቃልሶምን ሕዳሰኦምን ብምኽታት፡ ምንጪ ሓድነትን ዋልታ ቀጻልነትን ይገብሩዎ። እምብኣር እዚ ጽሑፍ፡ ንኣፋዊ ግጥምታት ማእከል ብምግባር ንድሕረ ባይታ፡ ዝወዓሎም መግለጺታት፡ ኣገዳስነቶም ዝኣመሰሉ ኣርእስታት ብምልዓል ብኣዳላዊ ናይዚ ጽሑፍ ኣብ መጻናዕቲ



ንዘተረኽቡን ብወኸሰ ንዘተመርጹ ኣፋዊ ግጥምታትን ኣወሃሂዱ ላህመታዊ ርድኢት ክፈጥር ዝሀቕን እዩ። ኣብዚ ጽሑፍ ካብ ዝተላዕሉ ሓሳባት ብዙዮጓጁ ዘይብሰሉን ዘይመልክዎም ዝሓዙን እንተሃልዩም ከኦ፡ ምህራንን ግዱሳትን ናይቲ ዓውዲ ብሃናጺ ወሸካ ክሰዕዎ እላቦ። ግርም ንባብ።

ክሳዕ እንግሊዛዊ ዊልያም ቶማስ ኣብ 1846 ንፎክብን ለሮን ኣጥሚሩ ፎክሎር ዝበል ሰያመ ዝፈጥር ኣፋዊ ያታ ይኹን ኣፋዊ ስነ ግጥሚ ክሳብ ክንድ'ቲ ኣርእስቲ ኩዩቱ ኣይፈልጥን ነበረ። ካብዚ ግዜ ንደሓር ፎክሎር ኑቲ ፖፑላር ሊትረቸር ዝበል ዝበረ ሰያመ መሰሳ ኩዩቱ ተቐልቀለ። ቶማስ ዚ ሰያመ ዓለማዊ ኣፍልጦ ክሀብ እኽሎ ቀንዲ ፍረ ሃገሩ፣ እንግሊዛዊ ሰያመ ኩብ ንምባል ነበረ። ኑቲ ካብቲ እዋን ጀሚሩ ኣብ እንግሊዝን ኤውሮጳን ብናህሪ ክሰፋሕፍሕ ዝጀመረ ናይ ሕትመትን ተንቢቡት ምዕራባዊ ጽሑፍን ከም ብልጫ ተጠቒሙ ከኣ ዚ ኣኻውና ናብ ዓለም ኣላለየ።

ወላኳ ቶማስን ካልኦት ግዱሳትን ዚ ሰያመ እንተፈጠሩ፡ ኣብ ኣፋዊ ግጥምታት ዝበረ ትሑት ግንዛበ ግና ከም ቀደሙ ነበረ። ኣፋዊ ግጥምታት ከም ናይ ድሑራትን ዝተዋሰኡ ሕብረተሰባትን ጥራይ ይሕሰብ ነበረ። ናይ ድኻታትን ማሃይምን ግጥምታት እናተባህለ ንመዋእል ተገልጹ። ኣፋዊ ግጥምታት ከም መጻልካ ሓደርካ ኣብ ዝኾነ ግዜ ንዝኾነ ሰብ ዝስተናገድ፡ ዝኾነ ፈጠራን ዕምቈትን ዘይብሉ፡ ተባሂሉን ኣይተባሂሉን ጽልዋ ዘይፈጥር ግጥምታት እናተባህለ ዝተገልጸሉ ዘመናት እውን ዝልካዕ ኣይኮነን። ኣፋዊ ግጥምታት ሰራሕ ናይ ዘይብሎም ወይ ሰራሕ ናይ ዝጸልኡ ክፋላት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ዘዘውትሩዎ ኣፋዊ ያታ ብምዃኑ፣ መግለጺ ስንፍናን ተዃሊዖን ዝኾኑ እዋን እውን፣ ጽልዋኡ ክሳዕ እዚ ግዜ ብልጭ ይብል ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ ናይ 18 ክፍለ ዘመንን መጀመርታ 19 ክፍለ ዘመንን ኤውሮጳን ኤውሮጳውያንን ኑቲ "ሮማንቲክ ሙቭመንትስ ወይ ሮማንቲክ ናሽናሊዝም" እናበሉ ዝገልጹዎ ምንቅስቓስ ናብ ኤውሮጳን መላእ ዓለምን ከስርጹዎ ጀመሩ። እዚ ምንቅስቓስ ንኣፋዊ ያታታት ብምድናቕን ብምዕቃብን ኑቲ ምስ ቴክኖሎጂ ተሓቢኡ ያታ ንምህሳስን ንምጥፋእን ዝዋበር ዝበረ ወራር ዝቃወም እዩ። ኣፋዊ ያታ ብሓፈሻ ኣፋዊ ግጥምታት ድማ ብፍንዱ እዩም ንነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ እዩም መበቈላውያንን ንኹለንትናኡ ብቐረባ ዝገልጹን ግጥምታት ስለዝኾኑ፡ ኣብ ሃገራዊ ቃልሰን ሓድነትን ልዑል እጃም ክህልዎም ተደልዩ። ብፍላይ ጀርመናዊ ጽሓፊ የሃን ቮን ሀርደር ኣብ ምእታው 1780 ንኣፋዊ ግጥምታትን ያታታትን ቀንዲ ትሕዝቶ ናይ ነፍሲ ወከፍ ሕብረተሰብ ንምግባር ልዑል ጸዓት ኣፍሰሰ። ኣብቲ ግዜ ግዝኣታት ጀርመን በቲ ዝዓብ ሓይልን ልዑል ስምን ረኺቡ ዝበረ ፈረንሳዊ ንጉስ ናፖልዮን ይውረራን ይግዝኣን ስለዝበረ፡ ሀርደር ኑቲ ጒዳይ ወራር ናፖልዮን ዝኸውን ዝበረ ህዝቢ ብኣፋዊ ግጥምታቱ፣ ከምዝዮዖጦቕን ከምዝዕወትን ገበረ። እዮም ህዙቦታት፣ ምስ ካልኦት ከምዚ ከምኡ ብናፖልዮን ዝውረሩ ዝበሩ ህዙቦታት ኣጥሚሮካ ንናጽነቶም ክቃለሱ ተፈቲዮ ነይሩ እዩ። እንተኾነ ኑዮም በዮም ህዙቦታት ዝፈርዩ ዝበሩ ንርስትን ኣገዳስነቱን ንፅዮንትን ሃገራውነትን ዝገልጹ ዝበሩ ግጥምታት ናብ መድረኻት ብምምጻእ እዩ እቲ ቃልሲ ናብ ዓወት ዝተቓረበ። እቲ ኣብ ጀርመን ዝጀመረ ንህዝቢ ብኣፋዊ ግጥምታቱ ናብ ቃልሱን ናጽነቱን ከም ዝሰለፍን ከም ዝዕወትን ናይ ምግባር ጥበብ ድማ ብብዙሓት ሃገራት ከም ፊላንድ፡ ኢስቶንያ፡ ሃንጋሪ ተሳዒጡን ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ዓቢ ደፍኢት ፈጠረን።

## መታሓፍስቲ

### እንታይ ምኻን

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዘሰካሕክሕ ህልቂት ካብ ዝፈጸሙ ሹመኛታት ኢትዮጵያ ሓደ ደግያት ወብ ወዲ ሃይለማርያም ተወላዲ ሓውዜን እዩ። ወብ ኣብ 1844 መሬት ኤርትራ ምስ ረገጸ ዓድታት ኣፅነወ፡ ህዝቢ ረገጸ፡ ሰድራቤታት እውን በታተነ። ንምንጋሩ ዘሰምብድ ከኦ፡ ዓተር እናቐለወን ማይ እናፍለሐን ብኣእዛን ኤርትራውያን የእቱ ነበረ። "ብዘመን ወብ ዝጸመመ ወብ ክብል ነበረ" እናተባህለ ድማ ክሳዕ እዚ ሎሚ ግፍዕታቱ ይዝከር ኣሎ። ኑቲ ክሳብ ሰብ ምኻን እውን ዘጽልእ ዝበረ፣ ብዮጭካ ደግያት ወብ ዝፍለጥ ግዜ ንምዝካር ድማ ተቐኒዩቲ

ብዘመን ወብሰ እንታይ ምኻኘ
ምኻን ምሓሸ እምኒ ምኻን
ሰጠርምዶ ኣይክድርብዩኻን
እሞ እንታይ ድኣ ምኻኘ
ዕንጸይቲ ምኻን
ቀራረጽምዶ ኣይከንድዱኻን
እሞ እንታይ ድኣ ምኻኘ
ብዘመን ወብሲ ኣጦኻን ኣደኻን
ተዝኾኑ መኻን

ዝበል ግጥሚ ደረሱሉ። እንተኾነ ምድሪ እውን ባዕላ ሕነ ስለ እትፈዲ ደግያት ወብ ብሓጺይ ቴድሮስ ተሳዒሩ ክልተኣን ኣዒንቱ ብመሳፊ ነቖረ። ህዝቢ ድማ ወብ ናይ ኢዱ ረኺቡ ንምባል

ወብ ወብ
መራሒዶ ረኺብ
ኢሉ ደረፈሉ። ጨካን ገዛኢ ስለዝበረ መራሒ ዘዘውሮ እውን ኣይረኸበን'ዩ ንምባል።

## ፍልሖ

ኣይተ ወለንኪኤል ፍረ ብዓል ዕጣን ዘረ፣ ኣብ ስእለት ቅዱስ ሚካኤል ናይ ዓዶም ዓዲ ሕሰኣ፣ ንሓንቲ ክስብ ሕጻኖት ምስ ተመልሰት ብሸዊታ ዝሞተት መርዓት እናዘከሩ ንፍልሖ ከምዚ ኢሎም ገጠሙሉ።

ፍልሖ
ፍልሖ እንዲኻ ፍልሖ ወዲ ንፍሖ
ወዲ እኩብ ሓመድ ምድሪ ዝፍሖ
ኣንታ ኣብ ሰለይ ኣብ ሰልሕልሖ
ዝንሕና ኽንገንዘ ንሰኻ ኽትፈትሖ
ዝንሕና ኽንኣስር ንሰኻ ኽትፈትሖ
ወዮን ትድረሮ ወዮን ትምሰሖ
ምስ ሃገር ዓለሙ ድሕሪት ዝራሕርሖ
ምስ ምስጠረ በዩት ኻልእ ዘይፈትሖ
ምስ ውዒለ ዓለም በኡዳዉ ዝረስሖ
ድማ ኺይኣለካ እቲ ዕድም ዝገንሖ
ጭልቅዕ ወሰደካልና ድብኡ ዓይና ወርሖ
ምስ በዱ ማህጸና ቀልዓ ዝጭጭሖ
ምስ ጉምጥ ደረታ ገጠዘ ዘይብጽሖ
ምስ ወርዶ ቐኖኣ መሰፊ ደይፈትሖ
ስም ኣጸበዕታ ንዙበጦ ንንፍሖ
ሕቖኣን ማሕዞላን ቀልዓ ኺይገርሖ
ቃኖጪ ስፈታታ ጮማ ኺይተጸብሖ
ኣንታ ዝኢ'ውን ክትብልዓዶ ፍልሖ
ኣረ እዝዮጽ ንበል ቃልና እንተፍርሖ
እዝዚ ተዓዲሉ ተሰምዐ ፍልሖ።

### ቁዛሞ

ኣብ መማዩቱ ሞት

ባሕረ ነጋሲ ጉራደ ዘርኣይ ብ1880 ኣብ ኣስመራ ዝተወልዱን ሓደ ኻብ ሹመኛታት ኣስመራ ንምኻን ዝበቕዑን ነበሩ። ባሕረ ነጋሲ ንግዝኣት ደግያት ሃይሉ ተወልደመድህን ብዓል ጸዓዘጋ እሙንን ምእዙዝን ኣብ ርእሲ ምንባርም፡ ንደቀንስትዮ ሃገርም እውን ፍሉይ ኣረኣእያን ክብርን ነበሮም። ብስም ደቀንስትዮ እውን "ኣነ ኣብ ጨመር፡ ኣያ ኸሳተን" እናበሉ ይፍክሩ ነበሩ። ባሕረ ነጋሲ ኣብ ውግእ ዳዕሮ መኻን ምስ ዓርኮም ብጆሮንድ በሉዎ ብዓል ሕምብርቲ ኣብ ገዛ ደግያት ሃይሉ ተሰሊፎም ነበሩ። ኣብቲ ውግእ ብጆሮንድ በሉዎ ንባሕረ ነጋሲ "ክቡር ዓቀይታዊ ስምና ንምምዕባል ናብ ማእከል እቲ ውግእ ጠፊኻ ንእቶ" በሉዎም። ባሕረ ነጋሲ ናብቲ ውግእ ጠፊኖም ኣተዉ። ብጆሮንድ ግና ዝሕጥ እናበሉ ኑቦሶም ሓለዉ ይብልዎም። ባሕረ ነጋሲ ኣብቲ ውግእ ተወቒዖም ብሞት ተፈልዩ። እንኮ ጓሎም ዝበራ ሳህሉ ባሕረ ነጋሲ ጉራደን ኣንስቲ ኣስመራን ብልበን ሓዘና። ሓዘን ንምግላጽ ኩለን ኣንስቲ ኣስመራ ጸጕረን ተሳጺያ ይብሃል። ጓሎም ሳህሉ ድማ ንኣቦኣን ንሒያለ ዓመታት ከምዚ እናበላ ቘዘማሎም።

ኣንስቲ ኣስመራ
ኣብ ጨመር ሞይቱ
ሰንክታ ገገራ
በሉዎ በሉዎ
ነብይ ኣቕቲሉዎ
ንዋጋእ ኢሉዎ።
ኣቦይ እንተ ሞተ
ኣብ መማዩቱ ሞት
ጨዓይ ጎነ ቀረሰዎ
ጮማ ቀረጽዎ
ሚስ እውን ገጸገጹዎ
ድሓን ግበር እምበር ግበር እምበር
ኣቦኻዶ ሞይቱ ኣቦይ እምበር።

ካብ መጽሓፉ ታሪኽ ደግያት ሃይሉ "ኣብ ጋሻ"
ብዩሰሓቕ የሴፍ 2000 ዓ.ም. ገጽ 194 ተጻሚቑ እተወሰደ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣርን ጉብረክርስቶስ ዑቕባዝጊ፡ ኣቦና ቀሺ. ጉብረክርስቶስ ዑቕባዝጊ. ወልደገርግሽን ኣዴና ቅዱሳን ሓድጉ ሕድሩን ስለዝዋረፉ፡ ንሕና 6 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ወይኒ ዘርኣብሩኽ ተስፋእየሱስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፍስሓ ኣሰሚጽሁ ወንድማኣምላኽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ጸሃይቱ ወልደሩፋኤል ኀይትኦም፡ ተጸዋዒ ክብረኣብ በርሀ ተኸለሃይማኖት፡ ናይ ጥፉእ ምርግጋጽ መዝገብ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ. ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ብርሃ ኣምሃጽዮን ተስፋሚካኤል፡ ኣደይ ለተንስኤ ዑቕባሚካኤል ክንፈ. ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ 49 ይቕረብ።

ኩሩብል ጉብረሂወት መሓሪ ምባል ተረፉ፡ ችሩብል ጉብረሂወት መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

እሙና ዓብደልቃድር ቢያን ምባል ተረፉ፡ ኣሚና ዓብደልቃድር ቢያን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ርቤል ኣብርሃ ጉብረሂወት፡ ኣሞይ ኣበባ ጉብረሂወት ተስፋገርጊሽ ስለዝዋረፈት፡ 5 ኣሕዋታ ወረስቲ ምዃንናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸሃይሽ ተስፋይ ፍስሑ፡ ብዓል ቤተይ ወልደጉብርኤል ጉብረመስቀል ገማሪ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ከሳሲ. ሚካኤል በርሀ ጉብረመድህን፡ ተኸሳሲት ኣብርሀት ምሽጉን ፍትዊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልኪ. ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ጺጋ ጉብረሚካኤል ባህታ፡ ተኸሳሲ. ተኸለማርያም በየን ገ/ስላሴ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ. ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ምሕረት ትኩእ ካሕሱ፡ ኣቦና ትኩእ ካሕሰ እማን ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ሓበን ፍስሃየ ተወልደ፡ ወከል ኣዜብ ተወልደ ወልዱ፡ ኣቦና ፍስሃየ ተወልደ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ወ/ሮ የሺሃረግ ሞጎዝጊ. ነጋሲ፡ ብዓል ቤተይ ሚካኤል ጃህራይ መብራህቱ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

ለተሚካኤል ንገሰ ጉብሩ፡ ጓለይ ሰምሰም በላይ ሃብተ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ልኡል ግደ ጉብረሂወት፡ ብዓል ቤተይ ተስፋሚካኤል ጉብረእግዚኣብሄር እምናይ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ. ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣለክሳንደር ዘርኣይ እንግዱ፡ ኣደይ ግደይ ሃይለ ኣብራ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ማርታ የውሃንስ ወሉ፡ ኣደይ ኣብርሃጽዮን ኪዳነ ተኸለሃይማኖት ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ኀይትኦም መሓሪ ሃብቱ፡ ኣቦና መሓሪ ሃብቲ. ሚካኤልን ኣዴና ኣልጋሽ ፍስሃየ ቀለታን ስለዝዋረፉ፡ ንሕና 6 ደቆም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ሰናይት ሓጎስ የውሃንስ፡ ኣቦና ሓጎስ የውሃንስ ፍጡር ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 14 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ. ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኑብያት ጉብረትንሳኤ መድህን ምባል ተረፉ፡ ናርዶስ ጉብረትንሳኤ መድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ምምሕዳር/ከባቢ. ዞባ ሰውራ ብቑ.ፍቓድ ዋኒን 1.GBL00002507 2.GBL 0002507 ናይ ድ/ሃለኽቲ ፎርኖን ትካልዩ፡ ንወ/ሮ /ኣቶ ግምጃ ኣድማሱ ትኩእ፡ ኣድራሻ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ምምሕዳር ከባቢ. ሰውራ ብዕለት 31/10/2023 ብቑ.መዝገብ 202/2023 ብወሃብቶ ስለዝሃብኩዎ/ዋ ብስም ወሃቢ/ት ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሉ. ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓወሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃብቶ ተረካቢ/ት ከምዝመሓለለፍ ነፍልጥ።

ግምጃ ኣድማሱ

ኣነ ወ/ሮ ጃምዕ መሓመድኑር እድሪስ፡ ካብ ኣውራሲና ምስ ወላዲተይ ብውርሲ. ዝበጽሓና ብስም ኣውራሲና መዋቲ ኣቶ መሓመድኑር እድሪስ መሓመድ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 7 ምምሕዳር 16 ጎደና መ/ቑጽሪ ገዛ 26/28/30 ቑጽሪ ሎታ 21 ቑጽሪ ፓርቸላ F ኣብ 200 ት/ሜትር ዝተደኮ፡ ኣብ ግዚያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 105126 መወከሲ. ቑጽሪ 123737 ዝፍለጥ፣ እዚ. ሊብሬቶ ገዛ ኦርጂናል ስለዝጠፈኣና፡ ረኺቡዎ ወይ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ተሌፎን 07117108 ክሕብረና፣ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታ ክወሃበና ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ጃምዕ መሓመድኑር እድሪስ


## ቦቾዮፊላ ማዕሪጋ ትጽበየኩም ኣላ

ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንእትርከቡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ፣ ርሑስ ሓድሽ ዓመትን በዓል ልደትን ክኾነልኩም እናተመነየ ፣
እንሆ ኣብ ውሽጡ ዝርከብ ፒዘርያን ፋስት ፉድን ኣብ ቀረባ ኣዋርሕ ስርሑ ዝጀመረ ኮይኑ ፣ ብክኢላታት ከሻኖ ዝዳሎ ኢድካ ዘቖርጥም ናይ ቁርስን ምሳሕን ድራርን ከም በርገር ፣ ፒሳ ፣ ፓስታ ከምኡ'ውን ተሃራፊ ባህላዊ መገቢ ከም ሽሮ ፣ ቋንጣ ጻሕሊ ፣ ክትፎ ፣ ጎረድ-ጎረድ ፣ ዝተፈላለዩ ዓይነት ዓሳን ካልእን ፣ ውዕይን ዝሑልን መስተ ፣ ዝተፈላለየ ዓይነት ጽማቕ ፣ ምድላዋቱ ኣጻፊፉ ከአንግደኩም ድልው ምህላው ብሓጎስ የበስር።
ብተወሳኺ. እምቁርን ብዓይነቱ ፍሉይን ዝኾነ ፒሳ ብሓድሽ ኣሰራርሓን መቐረትን ክሰርሕን ንዓማዊሉ ከቕርብን ድሉው ከምዘሎ ብሓጎስ የበስር።
መኣስ እዚ. ጥራይ ፣ ኣብቲ ምዕሩግን ውራይ ንክትገብረሉ ባህ ዘብልን ልዕሊ. 500 ተኣንገድቲ ዘአንግድ ኣዳራሹ ዝተፈላለዩ ዓይነት ውራያት ማለት መርዓ ፣ ሕጸ ፣ በርዝ-ደይ ፣ ዝተፈላለዩ ኣኼባታትን ካልእ ናይ ስፖርታውያን ድግሳትን ብርትዓዊ ዋጋ ከማላልኩም ድልው ኣሎ።
ቦቾዮፊላ ፒዘርያን ፋስት ፉድን ኣብ ዝደለኹሞ ሒዝኩሞ ትኸዱ ናይ ቴክ-ኣወይ ጠለባት ከምዘዳሉ ብሓጎስ የበስር።
ትካልና መካይን ዘዕሽጋሉ ቦታ ዘለዎ ብምዃኑ ካብቲ ካልእ ብልጭኡ እዩ።

ኣድራሻና
ማእከል ከተማ ከባቢ. ኮሚሳርያቶ ሓማሴን ጎኒ ሞድካ ካፈ
ቁ/ተሌፎን 07146551 ወይ 07209233




ብድሓን ምጹ !
ቦቾዮፊላ ፒዘርያን ፋስት ፉድን



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

መብራት ገብረትንሳኤ ተላ፡ ብዓል-ቤተይ ተኽለብርሃን ፍስሃ ሃብተስላሴ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ድማ ወራሲት ምኻና ይረጋገጸላ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/1/26 ኣብ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ቴድሮስ ትኩእ ኣይንኣለም፡ስም ኣደይ ሰሚያኸሽ ብርሃ ምባል ተሪፉ፡ ሳባ ስዩም ኣስመሮም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰፍያ ኪዳነ ባይሩ፡ ስም ኣደይ ኤልሳ እምሃጼን ካሕሳይ ምባል ተሪፉ፡ ኤልሳቤጥ እምሃጼን ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ምሕረት ተኽሉ ጊሉ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ውሓዚት ደባስ ገብረትንሳኤ፡ ናይ ወኪልና ምስራዝ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ሚሪ ዳኒኤል ጦኽረጼን ምባል ተሪፉ፡ ሰደና ዳኒኤል ጦኽረጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሩታ ፍጹም ተከስተ ምባል ተሪፉ፡ ሩፍታ ፍጹም ተከስተ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ወ/ሮ ለምለም ኪዳነ ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ የማነ ሰበሃቱ ኣርኣያ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቤተኤል የማነ የዕበዮ ምባል ተሪፉ፡ ራሄል የማነ የዕበዮ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሰላማ ዓንደብርሃን፡ ተኸሳሲ ኣቶ የናስ ማተዎስ ኣማኑኤል፡ ናይ ሞዝተዋት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን12/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ቀሺ ማርቆስ ስዩም፡ ኣቦና ስዩም ሃይሉ ፀጋይ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ቀሺ ማርቆስ ስዩም፡ ኣዴና እፍረት ኣርኣያ መድህን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲ ኣቶ ሃይለማርያም ተወልደ እምባዬ፡ ተኸሳሲት ፍረወይኒ ተኽለዝጊ ገብሪት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

ከሳሲት ፍረወይኒ ወልዱ ተኽለማርያም፡ ተኸሳሲ መርሃይ ኣስመሮም ካሳ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ሳባና ተስፋይ ቀለታ ምባል ተሪፉ፡ ሳባ ተስፋጋብር ተኽለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ደሕደጋ ተስፋይ ወልደሚካኤል፡ ኣደይ ኣለማሽ ገብረሚካኤል ወልደሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

የናታን ተስፋማርያም ተስፋዝጊ፡ ኣቦይ ተስፋማርያም ተስፋዝጊ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

መሓመድ ኢብራሂም ሓሰን ምባል ተሪፉ፡ ኢብራሂም ሓሰን ኣደም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

እብራሂም መሓመድዑመር ሓምድ ምባል ተሪፉ፡ እብራሂም ዑመር ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

መርየም ሓጅ እድሪስ ምባል ተሪፉ፡ መርየም እድሪስ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣበበከር መ/ድ ኢብራሂም ምባል ተሪፉ፡ ኣበበከር ኢብራሂም መ/ድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/2/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ኣነ ወ/ሮ ምሕረት ኣማኑኤል ኢሳቕ፡ ነቲ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ከበቢ ፓራዳሶ ዚፕ ኮድ 1 ኣይ 129 ፕሎት 27 ፓርሰል "ዲ" ስፍሓቱ 176.00 ት/ሜ ዘለዎ፡ ብስም ወላዲተይ ኣፍ/ሃንስ ዘርኣጽዮን ዳምር፡ መለለዪ ቁጽሪ ንብረት 1BRASM018680 ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝበጽሓኒ ገዛ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታርን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃኑ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ምሕረት ኣማኑኤል ኢሳቕ

---

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከተማ ምጽዋዕ ዞባ 3፡ ምም/08 ዋንነት ቁጽሪ 201683 መወከሲ ቁጽሪ 203640 ዝፍለጥ ስፍሓት መሬት 327 ት/ሜ ኮይኑ፡ ቀንዲ ክፍልታት 2 ሓገዝቲ 2 ዘጠቓለለ ብስም ኣፍ/ሐመድ ጉበር እድሪስ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ስለዝዓደግና፡ ስም ምትሕልላፍ ክንገብር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤ/ፍ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊ ውሳነ (ይግበኦ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ቴክኒክ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ከተማ ምጽዋዕ ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃኑ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ለምለም መሓሪ ገብረኪዳን

---

ኣመልካቲት ኣነ ሰፊያ ኢድሪስ ኸሪዲን፡ ብወረስቲ ኢድሪስ ኸሪዲን ወ/ሮ መብራት ዓሊ ምስ 13 ደቆም ኣብ ዞባ 1 ምምሕዳር 07 ብሮዝዩማዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ቁምስክር ወረቐት 401243 መወከሲ ቁጽሪ 400754 ቁ.ገዛ 79 ስፍሓት መሬት 386.15 ት.ሜ ቁ.ሎታ 1 ቁ.ፓርሰል-ዓይነታ ገዛ ተራ ቀንዲ ክፍልታት 10 ሓገዝቲ ክፍልታት 4 ቁጽሪ ሰነድ ወረሻ 1943 ቤት ፍ/ኣ/ሰረዳ/መንደፈራ ዝተመዝገበ ኮይኑ፡ ካብዚ ወላዲያይ ሓጂ ኢድሪስ ኸሪዲን ብዕለት 1 ኑሓሰ 1959 መዝገብ ቁ.36 ኣብ ትሕቲ መዝገብ ቁ.80 ዝተመዝገበ ስፍሓት መሬት 65 ት.ሜ ናይ ገዛ ስፍሓት 25 ት.ሜ ብውህብቶ ዝሃቦ ገዛ፡ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ተሓቲሙ ካብ ዝወጸሉ ግዜ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓሊ ውሳነ (ይግበኦ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ይቕረብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ተክኒክ መንደፈራ ቀሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምዃኑ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ሰፊያ ኢድሪስ ኸሪዲን

---

ኣነ ደሃብ ኣሕመድ ዓብዱራሕማን፡ ኣብ ኣስመራ ዞባ 2 ምም 2 ጎደና ዝሞ ቁ/ገዛ 9 ሎታ 11 ፓርቸላ ኤፍ ዝርከብ ኣብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብንብረት መዝገብ ቁጽሪ 42951 ጠቕላላ መዝገብ ቁጽሪ 65800 ብስም ኣፍ/ኸሪዲን ኑርሑሴን ሰዒድ ዝተመዝገበ ምስክር ዋንነት (ሊብሬቶ) ናይ ገዛ ስለ ዝጠፈኣኒ፡ ብዕዳ ሐዚዎ ወይ ድማ ረኺብዎ ኣለኹ ዝብል እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ብቁጽሪ ተሌፎን 07871288 ደርኒቡ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ደሃብ ኣሕመድ ዓብዱራሕማን

---

ብስም ፎቶ ተከኤ ገብረኣምላኽ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን kEL00012025 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ዝርከብ ናይ ቡቲክ ትካለይ፡ ንኣቶ/ወሮ እስራኤል ተስፋዝጊ ክፍሉ፡ ኣድራሻ ከረን ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት፡ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቐጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ንፈልጥ፡፡

ፎቶ ተከኤ ገብረኣምላኽ

---

ኣነ ሕጋዊ ወኪል ወረስቲ ዝኾንኩ ወለድ ሳልሕ ኢብራሂም፡ ናይቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 8 ምምሕዳር 01 ጎደና 675 ቁጽሪ ገዛ 46 ሎታ ቁጽሪ 11 ፓርቸላ ፒ ዝርከብ ብዮዝዩማዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 117200 መወከሲ ቁጽሪ 117376/75129897 ብስም ኣፍ/ዓብደልቓድር በያን ኣፍ/ሰዕዲ ኢብራሂም ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ዋንነቱ ስለዝጠፈኣኒ፡ ብዕዳ ወይ ብትሕጃ ሒዚዎ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ ብቁጽሪ ቴሌፎን 07916648 ወይ 07397780 ደርኒቡ፣ እንተዘይኮነ፡ መተካእታ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር፡፡

ወለድ ሳልሕ ኢብራሂም

---



## ሓበሬታ

### ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ / ኤይድስ ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴለፎን ደውሉ ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ ካብ 8:00 – 12:00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6: 00 ድ.ቀትሪ ብቁ.ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-mail: bidhonational@gmail.com

ስቅታ ጎዳኢ ስለዝኾነ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

ሽባብ
ሃማመተኤ

# ሓሳባት

# ብፍኞሪ ንበጻጻሕ

ቤቲኤል ሰሎሞን

“እቲ ኣዝዩ ዘገድስ ነገር እትገብሮ ዘይኮነስ፡ ክሳብ ክንደይ ተፍቅር’ዩ።”
- ማዘር ተሬዛ

ካብ ድቃስ ከይተበራበርኩ እያ ኣብ ሞባይለይ መልእኽቲ መጺኣትኒ። ብብዕጉግ መንፈስ ድማ ነታ መልእኽቲ ከንብብ ጀመርኩ።

“ሓደርኪ ሓፍተይ፡ ከምታ ባህግኺ በሊ ‘ብፍቕሪ ንበጻጻሕ’ ትብል ጽሕፍቲ ኣዳሊኺ ምጽኢ፡” ትብል መልእኽቲ እያ ጸኒሓትኒ። ባህገይ ግዲ ረኺበ ብሓጐስ እየ ካብ ዓራተይ ነጢረ ወሪደ። እዛ መልእኽቲ ዘሰደደለይ፡ ብድሮ ፍቕሪ ማእከል ዝገበረ ጽሑፍ ክጽሕፍ ኢለ ካብ ዝለመንኩዎም ናይ ጽሑፍ ብጻየይ እዩ ነይሩ።

‘ብፍቕሪ እንዶ ንበጻጻሕ’ እናበልኩ ብዙሕ እየ ሓሲበ። ወትሩ ዘሰክፈኒ ዳርጋ ልምድና ድዩ ዋላ ባህልና እናዀነ ዝመጽእ ዘሎ ባህሪ ኣሎ። ንሱ ድማ ውራይ ይኹን ካልእ ኣጋጣሚ ክንበጽሕ ብዘይ ትሕዝቶ ምኻድ ነውሪ ኮይኑ ምህላዉ እዩ። ኣነ ብወገነይ እዚ ልምዲ እዚ እንተ ሳዕሪሩ ንሰብኣውነትና ብንዋት ክቕይሮ እዩ ዝብል ስክፍታ እዩ ዘሎኒ።

ሕብረተሰብና ሱር ዘሰደደ ናይ ምትሕግጋዝ ልምዲ ዘሎዎ ሕብረተሰብ ከም ምዃኑ መጠን ብብዙሕ ሸነኹ ሓጋዚ ልምዲ እዩ ዘሎና። መርዓ ይኹን ካልእ ውራይ



ዓጽመ ስጋ፡ ፈታዊ ጎረቤት ተኣኪቡ እዩ ዝካይዶ። እዚ ድማ ንዘሎ ማሕበረ ቍጠባዊ ጸገማትካ ዘቃልል ጥራይ ዘይኮነ፡ ብውራይ ንኸይትሓሰብ እውን ዝድግፍ እዩ። ኣብዚ ዓለምና ብነብሰ ፍትወት ተጐቢኣትሉ ዘላ እዋን ከምዚ ዝኣመሰለ ኣነባብራ ክትረክብ መቸም ጸጋ እዩ። ወለዶይ እውን እንተዀነ ንዝጸንሐ ክብሪ ምትሕግጋዝ ዓቂቡዎ ይኸይድ ኣሎ ክብሃል ይከኣል እዩ።

ሎሚ፡ ነዚ ኣቐዲመ ዝጠቐስክዎ ኣርእስቲ ክጽሕፍ ዘገደደኒ እምበኣር፡ ካብ ትዕዝብቲ ኩሉና ዘይርሓቐ ልምዲ ምብጻሕ እዩ። ንዝሓዘነ ክትድብስ፡ ንሕሙም ከተበራትዕ፡ ሓጐስ ብጻይካ ክትካፈል፡ ብሓፈሻ ኣብ ጸገምን ራህዋን ብጻይካ ደው ክትብል ሕጊ ተፈጥሮ ዝእዝዘና እዩ።

“እንታይ ሒዝና ንብጻሕ” ዝብል ሕቶ፡ ናብ ንበጽሖ ሰብ ክንከይድ ክንሓስብ ከለና ዝቕጀለና ሕቶ እዩ። ብፍላይ ኣብ መርዓን ጥምቀትን ዝኣመሰለ፡ ምምጻእካን ትሕዝቶኻን ዝሰፍረሉ መዝገብ ዘሎዎ ቦታ ተጽዕኖ ትፈጥረልካ ሕቶ እያ። ንዓቕሚ ውሽጥኻን ጁባኻን ትፍትን ኮይና እንተ ተረኺባ እታ ትበጽሓ ዘለኻ ውራይ ንምግዳፍ ትመርጸሉ ኩነት’ውን ኣሎ። ብሰንኪ ትሕዝቶኻ ካብ ፈታዊኻ ትተርፍ ኣለኻ ማለት’ዩ። ብኣንጻሩ ሒዝካ ክትከይድ ኣብ ትውሰነሉ ከኣ ክምለሰልካ ዘሎዎ ተኽእሎ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ምኻድ እውን ኣይሰኣንን እዩ፣ ኣረ ዝበዝሐ ንምምላስ ኣብ ግምት ዘእተወ መስርሕ ምብጽጻሕ እዩ ዝካየድ ክብል ከለኹ ዝደፈርኩ ኣይመስለንን።

ብፍቕሪ ምብጽጻሕ ዝብል ሓሳብ ክቕልቀለኒ ከሎ፡ ኑቶም ኣብ ዕለታዊ ጉዕዞይ ዘስተብህሎም ዘለኹ ሰሪ ትሕዝቶ ካብ ሰቦም ናይ ዝተርፉ ሰባት ስምዒት ከንብብ ብምኽኣለይ እዩ። ኣነ’ውን ካብዚ ስክፍታ እዚ ስለ ዘይላቐቕ። ዕላማ ምብጽጻሕ ብቐንዱ ነቲ ናይ ሓጐስ ይኹን ሓዘን፡ ሕማም ይኹን ጥዕና ሓቢርካ ንምክፋሉን ንምሕላፉ ኮይኑ ይስምዓኒ። ስለዝኾነ ኣብ ኩሉ ኩነታትካ ግዜኡ ወፍዩ ምሳኻ ዝህሉ ሰብ፡ መርኣያ ኣባኻ ዘሎዎ ፍቕርን ኣኽብሮትን እዩ። ነዚ ከኣ ብዝመጽኣና ትሕዝቶ ክንልክዖ’ውን ዝከኣል ኣይኮነን። ዋላ’ውን ምስ ፍቕርና ትሕዝቶ ከነሰዕብ ዝከኣል እንተዀነ፡ መመላእታ እምበር ቀዳምነት ዝወሃቦ ክኸውን ኣይምረጽን። ክንበጽሕ ኣብ እንሓስበሉ፡ ፍቕሪ ትሕዝቶና እንተ ገብርና እንታይ ነውሪ ኣሎዎ።

ሓደ እዋን ንሓደ ሕሙም ክንበጽሕ ናብ ሆስፒታል ንኸደልኩም። ናይ ኣጋጣሚ ኩሉና ሓደ መረዳእታ ዘሎና ሰባት ብምንባርና፡ ብዘይ ትሕዝቶ ኢና ኣቐዲምና ክንበጽሕ ተሰማሚዕና። ናብቲ ሕሙም ምስ በጻሕና ኩነታቱ ፈሊጥና፡ እንታይ ይወስድ ኣሎ እንታይ የድልዮ ንስድራ ተወኪስና። ዝዀነ ዓይነት ዝብላዕ ይኹን ዝስተ ከም ዘይወስድ ምስ ፈለጥና ዓቕምና ብምውጻእ ሓገዝና ኣበርኪትና። እንተ ናይ ክበጽሑ ዝመጽኡ በጺሖቲ ዘምጽኡዎ፡ ተኣኪቡ ዝጸንሓና ኣራንሽን ባናናን ክንደይ ክትብሎ ኢኻ። እዚ ከኣ ከመይ ኢልካ በጺሑና ነይሩ ትብል ናይ ምስጋና ምስክርነት ትረክብ ብምሕሳብ ወይ ካብ ሕሜት ንምልቓቕ ዝግበር ተበግሶ ምዃኑ ኢና ክንግምግም ክኢልና። ሕሙም ግድን ድዩ ኣራንሽን ባናና ወይ ጽማቝን ጸባን ጥራይ ዘድልዮ?

ዕላማ ጽሑፈይ ምሕጋዝና፡ ምብጻሕና፡ ካብ ከይብሉና ወጺእና ብፍቕሪ ክንገብሮ ዘዘኻኽር እዩ። ንሰብ ብቐድማነት እተድልዮ፡ “ኣለኹልካ” ኢልካ ሰብኣዊ ፍቕርኻ ምልጋስ እዩ። ንስኻ ኣካል ናይቲ ዘሎዎ ኩነት ክትከውን ብፍቕሪ ክትሓስብ ኣሎኻ። ኣደታትና ፈቐዶ ውራይ ክኸዳ ከለዋ ኣብ ርእሰን ሰፌሩ ዘሎ ሸኮር ወይ ኣረቂ እዩ። ንሱ እንተ ዘየለ ካብ ኩሉ ይበኾራ። ወይ’ውን ቍሪምሪም እናበላ ካብ መደባተን ተታሪፈን ትሕዝቶ ተኹልኩለን ይበጽሓ፡ ልበን ግን ዕግበት የብሉን፣ ኣብ ድሕሪት ዝገደፋኦ ስለ ዘለወን። ነዚ ንፍቕርናን ምኽብባርናን ዓብሊሉ ካብ ክብርታትና ዘውጽኣና ዘሎ ሕማቕ ባህሊ ብኸመይ ንፈውሶ፡ ሕቶ ኩሉና እዩ።

ንምድምዳም፡ ምስ ቍጠባዊ ኩነታትና ትሕዝቶ ሓጺሩና ክንበጽሕ እንተ ዘይክኢልና ብእኡ ኣቢልና ዲና ክንፈላለ? ምኽንያቱ፡ ብዓል ውራይ ብመዝገብ እዩ ዝጸባጸብ ዘሎ። እንተ ዘይበጺሕካዮ ኣይበጽሓካን እዩ፣ ፍቕሪ ከኣ እናረቐቐት ትኸየድ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዎ ምድግጋፍን ምትሕልላይን፡ ሓቢርካ ምንባርን ምብጽጻሕን ካብቲ ዘሕብን ባህሊ እዩ። እንተ ሎሚ ኣቕሓ፡ ትሕዝቶ ንባህልና ዕርቃኑ ከትርፎ ንዕዘቦ ኣለና’ሞ፡ ከም ቀደምና ምብጽጻሕና ብፍቕሪ ይኹን። ነዚ እናሳዕረረ ዝመጽእ ዘሎ “እንታይ ሒዝና ንብጻሕ” ዝብል ሓውሲ ሕማም ዝኾነ ዛዕባ ንምፍዋሱ ብፍቕሪ ብምብጽጻሕ ንስዓሮ።

# ሓሳባት

# ኵሉ ጒያ ብታተ’ዩ ዝጅመር

መም. ልዋም ሙሉእብርሃን

ካብ ዘለኻዮ ፈጺምካ ፍሕት ምባል ስኢንካ እንተ ሃሊኻ መቸም፡ ምናልባት ዓቢ ለውጢ ዱብ ኣቢልካ ክትፈጥር ትጽበ ስለ ዘለኻ ከይኮነ ኣይተርፍን እዩ። ለውጢ፡ ብሓደ ግዜ ኣብ ሓደ ግዜ ዘይኮነ፡ ተደጋጋምን ነዊሕን ጻዕሪ ዝሓትት ምዃኑ ብልጭ ምስ በለካ፡ ብበርቂ ከም ዝተወቓዕካ ደሪቕካ ክትተርፍን “ኣይከኣልን እዩ” ዝብል መንፈስ ክወረካን ከምዛ ሓደ ይኸውን።

ብርቂ ዝኾነ ለውጢ ዘገምታዊ እምበር፡ ቅጽበታዊ ኣይኮነን። ነዚ ምሉእ ህይወትካ ዘሰማዕካዮ ምኽሪ ኣብ ኣእምሮኻ ብግቡእ ከተሰላስሎ፡ ዓሚቑ ዝኾነ ርድኢት ከተሕድር፡ ንሓሳባትካ ክዕብልሎን ኣብ ደመ ነፍስኻ ዘሰርጽ ክሳዕ ዝኾነ ናይ ባህሪ ለውጢ ክትፈጥርን ምስ ጀመርካ እዩ እምበኣር ናይ ለውጢ መስመር ዝጅምር።

እቲ ንህይወትካ ዝቕይር፡ ሓደ ንጽል ዓርሞሸሻዊ ለውጢ ዘይኮነ፡ ድምር ንኣሽቱ ለውጥታት እዩ። ንኣሽቱ ለውጥታት፡ ከም ሓደ ክፋል ናይ ምግብኻ ገይርካ ሕሰቦ፡ ካልኣይ ሳልሳይ ግዜ ምስ ዘደጋገም ከኣ ከይተረድኣካ ከም ሰሩዕ ኣካል ልምድታትካን ባህርያትካን ክትርእዮ ኢኻ። ዕለታዊ እትገብሮም ተግባራት ኣብ ዓወትካን ናይ ህይወትካ ብሉጽነትን ግዙፍ ጽልዋ ኣሎዎም። እቲ ጕዳይ፡ ነዞም ናብ ዓቢ ዝኾነ ለውጢ ክትበጽሕ ዘኽእልካ ተግባራት፡ መዓልታዊ ደስ ኢልካ ትገብሮም ዘይኮነ፡ ደስ ይበልካ ኣይበልካ ክትገብሮም ምኽኣል እዩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ህይወት ትረኽቦ ውጽኢት ብመትከል እምበር ብወኒ ዝእዘዝ ኣይኮነን።

ምናልባት፡ ሎሚ ዝገበርካዮም ትርጉም ዘይብሎም ነገራት፡ ተደሚሮም፡ ክንድ’ቲ ለውጢ ኣይፈጥሩን እዮም ኢልካ ትሓስብ ትኸውን። ኮይኑ ግና ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ እትገብሮም ተግባራት ኣብ ደረጃ ብቕዓት ህይወትካን ደረጃ ዓወትካን ኣገደሲ ተራ እዮም ዝጻወቱ። ኣብ ህይወት ዘጋጥሙ ፍጻመታት፡ ብመትከል እምበር ብስምዒት ኣይመሓደሩን እዮም። ሎሚ ንግሆ ዝገበርካዮ ንእሽቶ ተግባር፡ ኣገዳሲ ኣይኮነን ኢልካ ትሓስብ ትኸውን፣ ምኽንያቱ፡ ንኣሽቱ ነገራት ተደማሚሮም ይዓብዩ እዮም ኢልካ ኣይትሓስቦን ኢኻ። ሕሰብ እሞ፣ ኣብዛ ህሞት፡ ሓደ ሚልዮን ክትወሃብዶ ይሕሸካ ዋላስ መዓልታዊ ክንድኡ ዘውሰኽ ዓሰርተ ሽሕ ክትወሃብ፣ እቲ ሚልዮን ብሓንሳብ ክትረኽቦ ዓቢ መጠን ገንዘብ ክኸውን ይኽእል እዩ፣ እተን መዓልታዊ እትወሃበን ዓሰርተ ሽሕ ግና ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሕን ሸውዓተ መዓልትን ኣስታት ክልተ ሚልዮን ክኾናልካ እየን። ኣእምሮና ግና ነዚ ከሰላስል ስለ ዘይክእል፡ ነታ ንእለት እትወሃቦ ሚልዮን ይመርጽ።

ሓደ ዓቢ ዝኾነ ሱር በተኻዊ ለውጢ ክንገብር ከቢድ ዝገብሮ፡ ብተፈጥሮና ፍጹማት ስለ ዘይኮንና ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ካብቲ ምቹእ ዞባና ስንደር ክንብል ስለ ዘይንደሊ እዩ። ድላይካ፣ ህይወትካ ምቕያር እንተ ኮይኑ፡ ኣካል ልምድታትካ ክሳዕ ዝኾኑ ዕለታዊ ንኣሽቱ ነቲ ለውጢ ዘቀላጥፉ ውሳነታት ክትወስድ ኣሎካ። ቀስ ብቐስ ክትላመዶም ክኢልካ ማለት ከኣ ክትቅጽሎም ዘሎካ ተኽእሎ ኣውሒስካ ኣለኻ ማለት እዩ።

ኣብ ሞባይልካ ተሰቝርካ ተሕልፎ ግዜ ከተጕድሎ እንተ ደሊኻ፣ ነብስኻ ሎሚ፡ ሓንቲ ግዜ ሞባይልካ ካብ ምሓዝ ከልክላ። ጽባሕ ክልተ፡ ድሕሪኡ ሰለስተ ከምኡ እናበልካ ቀጽል። ቀልጢፍካ ክትድቕስ እንተ ደሊኻ፡ ሎሚ ካብ ናይ ትማሊ ብ10 ደቒቕ ቀልጢፍካ ደቅስ፣ ጽባሕ፡ ድሕሪ ዕስራ ደቒቕ፡ ድሕሪኡ ከኣ ከምኡ ተመሳሳሊ ተግባራት ግበር። ኣካላዊ ምንቅስቓስ ክትገብር ደሊኻ፡ ሎሚ ዕለታዊ ብ10 ደቒቕ እናወሰኽካ ስራሕ። ነቲ ተግባር ዕለታዊ ክትደጋግሞ ጥራሕ ኣለካ። ብምድግጋም ከይተረድኣካ ክትለምዶ ኢኻ። ህጻን ውልድ ምስ በለ፡ ብእግሩ ክኸይድ ከም ዘይክእል ዘክር። ቀስ ብቐስ ግና መዓልቱ ምስ ኣኸለ ብታተ ጀሚሩ ብእግሩ ክኸይድን ክጐዪን ይጅምር። ዘርእሰናይ ታደሰ ብሓንቲ መዓልቲ ኦሎምፒካዊ ኣትሌት ከም ዘይኮነ መቸም ይጠፍኣካ ኣይብልን። ሓበን ኣፍሪቃውያን፡ ብሕልፊ እኳ ኤርትራውያን፡ ዕዉት ቀጠልያ ማልያ ቱርዲ ፍራንስ 2024 ዝኾነ ቢንያም ግርማይ እውን ከምኡ። ኵሉ ኣብ ጥርዚ ዓወት ዝበጽሐ ሰብ፡ ብሓንቲ መዓልቲ ዝኣከቦ ብቕዓት ከም ዘይኮነ ዘክር።

ኣካላትናን ደመ ነፍስናን ንለውጢ ከም ሓደ ሓደገኛን ንህይወት ኣሰጋእን ዝኾነ ባእታ እዮም ዝቕበሉዎ። በዚ መሰረት እዩ ከኣ ኣብ ደመ ነፍስናን ኣካላትናን ናይ ባዕልና ብዓቲ ክንሰርሕን ኣብኡ ክንዕቈብን ንግደድ። ዘሎና ብዓቲ ዋላ መሸጉር ኣይሃሉዎ፡ ክንዓጽዎ ወትሩ ህርድግ ንብል። ስለዚ እዩ ከኣ ደመ ነፍስና፡ ኣእምሮናን ኣካላትናን ዘገምታዊ ምልላይ ዘድልዮ። ሰለዝኾነ እዩ ከኣ ነብስና ንዓርሞሾሻዊ ለውጢ ምቅላዕ፡ ፍሹል ናይ ለውጢ ስልቲ ዝገብሮ። ኣብ ህይወት፡ ዓቢ ለውጢ ክሳብ ተምጽእ ምጽባይ ኣይከድልየካን እዩ፣ ብንኣሽቶን ዘገምታውን ለውጢ ምስ ትጅምር ጽቡቕ ምቕርሐ ናይ ጸዓት ከም ዝህሉወካ ብምግባር ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ለውጢ ክትረክብ ኢኻ። ብዝኾነ ኣብ ቋሕ ሰም ዝፍጠር ለውጢ የለን፣ እንተ ሃልዩ ድማ ከም ኣመጻጽኡ ኣብ ቋሕ ሰም ክጠፍእ እዩ።

# መዘነዩ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ፍሉይነት ደቂ - ሰብ

ፍሉይነት ጽባቐ እዩ። ንፍሉይነት ከም ጸጋ ምስእንወስዶ ምስ ሰባት እናተደጋገፍናን እናተጻዋወርናን ንኽንነብር ይሕግዘና።

ምስ ሰባት ብኸመይ ትነብር ምፍላጥ፡ ኣብ ህይወት ሓጋዚ እዩ። ምስ ሰባት ብሓባር ንምንባርን ንምስራሕን ከም ሜላ ሒዝና ጉዕዞና ንምዕዋት ስጉሚ ኣብ ንጅምረሉ፡ ብመጀመርታ ኣብ መንጎ ሰባት ዘሎ ፍልልያት ብሓጎስ ብምቕባል ክንረብሓሉ ንኽእል። ኑቲ ኣባና ዘሎ ፍሉይ ትዕድልቲ ድማ ሰባት ንኽረብሑሉ ዕድል ንምሃብ ኑቲ ናይ ሕብረትን ተመኩሮ ምልውዋጥን ዕድላት ብምኽፋት እጃምና ከነበርክት ንኽእል። ብሓባር ንምንባርን ንምስራሕን ኣብ እንካይዶ ጉዕዞ፡ ፍልልያትና እቶም ዝዓበዩ ህያባትና እዮም።


ናይ ሓድሕድናን ናይ ሓድነትናን ዓንዲ እዮም። ነዞም ህያባትና ብኸመይ ንሕዞምን ንጥቀመሎምን ምፍላጥ፡ ንዓወትና ከም ቀንዲ ደፋኢ ሓይሊ የገልግል። ደቂ ሰብ ኣብ ዝነብሩሉ ሕብረተሰብ ዘሎ ባህሊ፡ ደረጃ ንቕሓት፡ ተመኩሮ፡ ደረጃ መነባብሮ፡ ካልኦትን ብቐጥታዊ ምትእስሳር ዓይነት ህይወት ይነብሩ። ብኡ መሰረት ድማ፡ ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታ ዘለዎም ሰባት እንክተኣኻኸቡ፡ ናይ ኣተረኣእያ፡ ድልየት፡ ኣረኣእያ፡ እምነት ፍልልያት ክህሉ ባህርያዊ እዩ።

እዚ ከኣ ኣብ ናይ ትምህርቲ፡ ስራሕን ካልኦት ናይ መተኣኻኸቢ ቦታታትን ጐሊሑ ክርአ ይኽእል። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣጋጣሚ፡ ፍሉይነት ኣብ ሰባት ከም ውህብ ተረዲእና፡ ንዓና ብዝርብሕ መንገዲ ክንጥቀመሉን ክንመሓደሮን ዘኽእል ንቕሓት ክህልወና ይግባእ። ንኹሉ ውህብ ፍልልያትና ብምኽእኣልን ናብ ሓባራዊ ረብሓ ብምቕያርን ክንመርሖ እንተ ክኢልና፡ ናይ ዓወት መዓጹ ብቐሊሉ ይኽፈተልና። ንፍሉይነት ሰባት ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ እንነብሮ ጉዕዞ፡ ንባህርያት ሰባት ምምዛን እቲ ቀዳማይ ረቛሒ እዩ። ስለ ዝኾነ ኣብ'ቲ ብሓባር እንነብሮ ጉዕዞ እንረኽቦም ሰባት፡ ግድነት ኣይኮኑን ከም'ቲ ንሕና እንደልዮ ባህርያት ዝወሃቦ ክኾኑ። እቲ ሓቂ እዚ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ንባህሪ ሰባት ብምጽናዕን ሓባራዊ ናይ ምድግጋፍ መድረኽ ብምፍጣርን፡ ምስ እኩባት ሰባት ሕጉስ ህይወት ክንመርሕ ዘኽእል ናይ ገዛእ-ርእስና ውሳነን ምርጫን የድሊ።



## ድንድላት ህይወት

ኩሉ እቲ ክትፍጽሞ ዘውዓልካን ሕጂ ትፍጽሞ ዘለኻን ስራሕ፡ ኣካል ድንድል ባህግታትካ ምዃኑ'ዩ። ድንድል ባህግኻ ምስ ድሌታትካ፡ ምስ ዕላማታትካ ውጥናትካ ዘራኽቡኻ ድንድላት እዮም። ነዞም ድንድላት ባህግታት ህይወትካ ከመይ ትጥቀመሎም? ድንድላትካ፡ ተሰኪምም ምስ ባህግታትካ'የም ዘተሓቛቕፉኻ። ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ህይወት፡ ድንድል ዕለታዊ ጉዕዞኻ ምዃኖም ካብ ዘይምስትብሃል ትከኣርነት ምስ ተጉድል፡ ንባህግታትካ ዝኸውን ብዙሓት ምዕራፍ ህይወት ከሳግሩ ዝኽእሉ ድንድላት'የም። ምስ ግዜ ዝቀዳደሙ ድንድላት ኣዝዩ ሓያል ዝኾነ ኣዕኑድ'ዩ ዘለዎም። እቶም ኩሎም ፍጻመታት ናይ ህይወትካ ብግዜ እናተማእዘኑ ዝኸዱ እንድሕር ኮይኖም፡ ናብ ባህግታትካ ዘሳግሩ ድልዱላት ድንድላት ካብ ምውናን ዝዕንቅጸካ ነገር ከም ዘየለ ክትፈልጥ ኣለካ። ድንድላት ባህግታትካ እቶም ዕለታዊ ተግባራትካ ምዃኖም እንተ ፈሊጥካ፡ ትኩርነት ተሓንጊጥካ ንኹሎም ፍጻመታት ህይወትካ




ግዜ ከም ትሰእን ኢኻ ትኸውን። ርሃጽካ ከንቱ ኣይተፍስስ፡ ባህግታትካ ኣበይ ከም ዘለዉ ንቕድም ፍለጥ። ብድሕሪኡ ኣብ'ቶም ድንድላት ተሰቒልካ ተዓዘር። ሽዑ ብርግጽ ምስ ባህግታትካ ክትራኸብ ኢኻ።

ናይ ገለ ድንድላት ነቀይ ነቀይ ኢሎም ክፈርሱ እናደለዩ ከሳግሩ ከለዉ፡ ናይ ገለ ድንድላት ብቐጻሊ ቅንኢ ልብኻ ዝቐስቅሱ'የም። እዞም ድንድላት ናይ'ቶም ምስ ግዜ ብምውህሃድ ልዕሊ ትጽቢት ዝሰርሑ ሰባት እዮም። ሓደ ምዕራፍ ህይወት ጥራሕ ዘይኮኑ ብደቂቕ ኩተስተብህለሎም ከድልየካ ምዃኑ ኣይትስሕቶን ኢኻ። ኣእምሮ እንተ ኣሚኑ ኩሉ ኣካላትካ ቀለቡ ከም ዝረኽበ እዩ። ድንድላት ባህግታትካ ከፍርሱ ዘውሕዙ ሸግራት ዓቕሚ የብሎምን። ዓቕምኻ ዝኾኑ ባህግታት ምብሃግ። ባህግታትካ ልዕሊ ዓቕምኻ ምስ ዝኾኑ፡ ነዊሕ ጉዕዞ ተጓዒዝካ ምርካብ ምስ ስኣንካዮም፡ ህይወት ክትጽንክረካ እያ። ምጽንካር ህይወት ከኣ ናብ ዘይተደለየ ጭንቀት ከእትወካ እዩ። ስለዚ፡ ድንድላት ህይወትካ ክጸርዎም ዝኽእሉ ባህግታት በሃግ።

## ካብ ለማኒ ናብ ዶክቶር

ኣብ 1987 ኣብ ቻይና ዞባ ሄናን ካብ ሓረስቶት ስድራ ተወልደ - ሊ. ቹኣንግዩ። ገና ዓመት ከይመልአ ብሕማም ፖልዮ ተጠቕዐ። ዝሰዓበ ጸገም መሓውር ከኣ፡ እናተንፋሓኾ ክንቀሳቐስ ቀሲቡዎ። ሊ፡ ቈልዓ ኣብ ዝነበረሉ ናብ ቤት ትምህርቲ ክኸይድ ድሌት እኳ እንተ ነበሮ፡ ካብ መዛኑኡ ብዙሕ ኣሉታዊ ነገራት'ዩ ዘገጥሞ ነይሩ። ወዲ ትሽዓተ ዓመት ኣብ ዝነበረሉ፡ ወለዱ ብዙሕ ገንዘብ ኣፍሲሶም ናይ እግሪ መጥባሕቲ ገበርሉ። እንተኾነ እቲ መጥባሕቲ ዕዉት ኣይነበረን። ሊ፡ መጥባሕቲ ኣብ ዝገበረሉ ዝነበረ ግዜ ኑቲ ከቢድ ቃንዛ ተጸሚሙ ፍሽኽ እዩ ዝብል ነይሩ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ብእግሩ ክኸይድ ልዑል ተስፋን ባህግን ስለ ዝሕደረ። ድሕሪ'ቲ ዘይዕዉት መጥባሕቲ ግን ህይወቱ ትርጉም ዘይብላ ኮይና ተሰምዓቶ። ተሳፋ'ውን ቈሪጹ። የግዳስ፡ ኑቲ ወለዱን ስድራኡን ዝኸፈሉሉ ከቢድ ጻዕሪ ብምዝካር ከኣ፡ ንኑብሱ ዘይኮነ ንስድራኡ ክብል ክነብር ከም ዘለዎ ተረድአ። ሓደ ሱብኣይ ንሊ ክስርሖ'የ ብምባል ንስድራ ኣፍቂዱ ምስ ወሰዶ፡ ናብ ልመና'ዩ ኣእትይዎ። ዘዘለመኖ ከኣ፡ መዓልታዊ እቲ ሱብኣይ እዩ ዝቕበሎ። ሊ ከኣ ንሽውዓተ ዓመት ቡቲ ኣደንጋጺ ክፍሊ ኣካላቱ ተጠቒሙ ለሚኑ። ስድራኡ ግን፡ ይፈልጡ ኣይነበሩን። ልመና ከቢድ ስነ-ኣእምሮኣዊ በሰላ ከም ዝገደፈሉ'ዩ ዝገልጽ። ሊ ኣብ ጽርግያ ዝነበረት ጋዜጣ ኣልዒሉ ከንብብ ምስ ፈተነ ብዘይካ ናይ ስሙ ቃላት ካልእ ክርድኦ ኣይከኣለን። ወዲ 16 ዓመት ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ከኣ፡ ናብ ስድራኡ ብምምላስ ትምህርቲ ክጅምር ወሰነ። ኣቡቲ እዋን እቲ፡ ኣብ ቻይና፡ ንስንከላን ቈልዑ ከም መለመኒ ምጥቃም ገበን ምዃኑ ተኣወጀ። ሊ ከኣ ናብ ስድራኡ ክምለስ ዕድል ረኸበ። ሊ ብዘይ ወዓል ሕደር ትምህርቲ ምስ ጀመረ ኣብ ውሽጢ ትሽዓተ ዓመት ናይ መባእታን ካልኣይን ደረጃ ትምህርቱ ዛዘመ። ኣገዳስነት ሞያ 'ዶክትረይት' ብዓገቡእ ተረዲኡዎ ከኣ ኣብ መበል 25 ዓመት ዕድመኡ ናብ ዓውዲ ሕክምና ዘእትዎ ዕድል ረኸበ። ኣብ 2019 ከኣ፡ ኣብ መበል 31 ዓመት ዕድመኡ ተመረቐ። ሊ፡ "ናይ ሓደ ሰብ ዝዓበየ ጸላኢ ገዛእ ነብሱ'ዩ" ብምባል እዩ ዝገልጽ። ሕጂ ዶክተር ሊ፡ ኣብ ዚንጂያንግ ዝተባህለ ቦታ ክሊኒክ'ዩ ዝመርሕ ዘሎ። ኣብ ህይወትና ለውጢ ንምምጻእ ኣይክኣልን ካብ ዝብል ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ምርሓቕ ዘለዎ ኣገዳስነት ንምግምጋሙ ቀሊል እዩ።



## ጥቕስታት መዛነዩ

- ተስፋ ማለት ኩሉ እቲ ጸልማት እናሃለወ እንከሎ ብርሃን ከም ዘሎ ክትርኢ ምኽኣል እዩ።" - ደስሞንድ ቱቱ
- ደው ከይትብል ጥራይ ተጠንቀቕ፡ ኣብ ጉዕዞ ክትቅልጥፍ ክትሃድእ'ሲ ንቡር'ዩ።" - ማሶን ትራይድ
- "ህይወት ብዙሕ ክትብኽየሎም ዘለካ ምኽንያት ክትህበካ እንከላ፡ ንስኻ ከኣ ካብኡ ብዝተዓጸፈ ናይ ሰሓቕ ምኽንያት ቀርበላ።" - ኦሾ
- "ምጽባይ ሕሱም'ዩ፣ ምርሳዕ ከኣ መሪር። እንታይ ከም ትገብር ዘይምውሳን ግና ዝኸፈአ ስቓይ።" - ፓውሎ ኮሂልዮ
- "ህይወትካ ብኣጋጣሚ ኣይትልወጥን እያ። እንታይ ደኣ ብምልዋጥ እያ ትመሓየሽ።" - ጂም ሮን
- "ፍልጠት ኣብ ግብሪ እንተዘይውዒሉ ዋጋ የብሉን።" - ኣንቶን ቸኮቭ
- "ዓርኪ ማለት ኩሉ ብዛዕባኻ ዝፈልጥ ክንሱ፡ ዘፍቅረካ ሰብ እዩ።" - ኤልበርት ሃባርድ
- "ንግሆ ብቀራጽነት ተበራበር፡ ምሸት ድማ ብዕግበት ደቅስ።" - ጆርጅ ሎሪመር

## ዳእላታት

- ሓደ ኣቦ ናብ መደበር ታዕሊም ዊዓ ወድም ክርእዩ ምስ ወረዱ፣ ኣዝዩ ብርቱዕ ሙቐት ዝዓብለሎ ኩነታት ኣየር ጸንሖም። ኑቲ ዝተቐበሎም ዋርድያ፡ "ኣንታ ወደይ እዚ ቦታ እንታይ'ዩ ዝበሃል፣" ኢሎም ተወከስዎ። ኣብ ሓለዋ ዝነበረ መንእሰይ ከኣ፡ "ዊዓ" በሎም። ወዮም ብሙቐት ዝተለብለቡ ኣቦ፡ "ኣንታ ወደይ እዚ እንታይ 'ዊዓ'፡ ነዚስ 'ፈሊሓ' ኣጠምቕዎ በልዎም።

- ሓደ ትህኪት ዝወሓጦ ብጻይ ነበረ። ንኹሉ ዘውሃቦ መደባት "ነርክበሉ ኢና" እናበለ እዩ ዝሰርሖ። በዚ ዘረባ ጦቕ ዝበለት ጋንታ፡ ንምብርባሩ ጉስጓሳት ኣካየደትሉ። ገለ ካብ'ቲ ጉስጓሳት፡ "ስግዕ ብጻይ፡ ሎሚ ኣለና ጽባሕ የለናን። ብዓቢኡ ድማ፡ መስዋእቲ'ሎ፣ ስለዚ እንግደዓኻ ተጠቐመሉ፣ ነጠፍጠፍ በል" ዝብል ነበረ። ንሱ ድማ፡ ቅጭጭ ከይበሎ፡ "ዋላ መስዋእቲ'ውን ነርክበሉ ኢና" ኢሉ መለሰሎም።

- ሓደ ተጋዳላይ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ዓዲ ብሕጊ እንዳ'ባ ተመርዓወም'፡ ንመርዓኑ ገንዘብ ከይገደፈላ ወፈረ። መርዓት እንታይ ገይራ ከም እተምስሖ ሕርብት በላ። ሓማታ ከኣ ሓያል ስለ ዝነበራ ጓልያት ተብላሒታ ክትቅርበሉ ስለ ዝነበራ ሓደ ሓሳብ መኸረት። ኣደ ገንዘብ ኣለቃሒኒ እንዶ" በለተን። ሓማት ከም ግርጭ ኢለን "ንምንታይ ኢልኪዮ" ሓተታኣ። "ርእሶም ገንዘብ ከይገደፈለይ ከይዱ" ምኽንያት ነገረተን። እሞ "ኸ!" ድምጸን ኣትረርኣ።
" ቡቲ ቡቲ ወድኻን ይድረረልክን፡ ቡቲ ቡቲ ከኣ ልቓሕ ይሕሰበልክን" በለተን።

ምንጪ፦ መጽሓፍ ዳእላታት ገድሊ
ብኢያሱ ኣሰፋው (ወድ መንበብሮ)

# ዘዕባ ሎሚ

## ንናጽነት ብሓርነት ዘወቀበ ወቕቲ ሓድሽ ዓመት

**ግርማይ ወልደጊዮርጊስ (መንከፈና)**
**(ሚ/ቱሪዝም)**

ቅድሚ ሓድሽ ዓመት ዝነበረ ሰሙን፡ ኣስመራ፡ ኣብ ሕጽኖት ዘላ መርዓት መሲላ'ያ ቀንያ። ነፍሲ ወከፍ ትዕበ ትንኣስ ትካል፡ ንዓመት 2026 ንምቕባል፡ ብዘለዋ ዓቕሚ ቤታን ኣፍደገኣን ትሕዝቶኣን ሰራሕተኛታትን ኣወቂባ፡ ውራያ ከም ዝጠዓመላ ወረጃ ሰበይቲ፡ ተወዛሒዛሐ ክትብል'ያ ቀንያ።

እቲ ካብ ብዮጌፍ ባሕቲ መስከረም ክሳብ ጎዳይፍ ብምሊሕ ምሊሕ ዝብል መብራህቲታትን ብዙተሸለመ ዳሳትን ዝማዕረገ ጎደናታትን ገጹ ከም ፋኑስ ተኾሊዑ ብፍሰሃ ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ህዝብን ደሚርካ እንክንትርእዮ፡ ንናጽነት ብሓርነት ዘወቀበ ወቕቲ ኢልካ ምጽውዑ ግቡእ ኮይኑ ትረኽቦ።
ኣብ ባሕቲ መስከረም ንቕልዑ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ መዘናግዒ፡ ካብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ፍልይ ብዝበለ ኣቀራርባ፡ ቆልዑ ኣስተርሕዮም ክዘሉን ክገላበጡን ኮታ ዘዙተብርሆምን ዘሰሓቦምን ክገብሩ ክትርኢ እንከለኻ፡ እታ ናጽነት ብሓርነት ዘወቀበ ወቕቲ እትብል ብሂል ትመላለሰካ።

ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ዝተፈላለየ ኣህዝቢ ይጥቐሙ'የም ዝበላአ ንብረት ይኹን ዝብላዕ ዝስተ ቀሪቦም፡ ቤተን ዓማዊል ንምስሓብ ብጥቦባዊ ምህዞ ኣጉላዕሊዖም፡ ቡቲ እዝገን ልብን ዝዕድም ሃገራዊ ደርፍታት ኣሰንዮም፡ ተጉዓዛይ ባህ እናበሎ ከም ዝእለ ናይ ልቡ ፈጺሙ ድማ ተመሳጊኑ "ከምዚ ንዓመታ ብፍቕርን ሰላምን ምዕባለን የራኽበና" ብዝብል ናይ ተሰፋ ቃል ብኽብሪ ዝፈላለየሉ ህሞት'ዩ ዝነበረ።

ልዕሊ ኩሉ፡ ዳርጋ ንኹሉ ዘሐጎሰን ገለ'ውን "ዝኢ ዝሓሰብኩም ምስ እዝጊ ዝተማኸርኩም" ክሳብ ምባል ዘብጽሖ፡ እቲ ኣብ ዝተፈላለየ ክፋላት ናይ ጎደና ሓርነት ዝተዘርግሐ መጻሕፍቲ እዩ። እቲ ተዘርጊሑ ዝነበረ መጻሕፍቲ፡ ገሊኡ ቅድሚ ሕጂ ደሊኻ ዝቐበጸካዮ ብምኻኑ ኣብዚ ቦታዚ ክጸንሓካ እንከሎ ልብኻ ከምዝተደሰቐ ከበሮ ባህታ እዩ ዘድምጽ። ዝርዝር ናይቲ ዝቐረበ ትሕዝቶ ድማ፡ ንተመሃሮ (ካብ ጀመርቲ ክሳብ ላዕለዎት ደረጃታት)፡ ኣብ ስነ-ጽሑፍ ንዘግደሱ፡ ኣብ ምርምር ንዘጦፉ፡ ንኣፍልጦ ሕግን ልቦናን ዝሕግዙ፡ ክዘናግዑ ንዘደልዩ፡ ብዘይካ'ዚ እንተላይ ተመሊሶካ ግዝኣቲ ንዝጸሓፋዎ ጽሑፋት ተወኪሶካ ከተገናዝበሉ ዘኽእል ጽሑፋት'ውን ተዘርጊሑ ነይሩ። እቶም ኑቲ ዝጠዘሐ ካልኣይ ኢድ (second hand) ዝኾነ መጻሕፍቲ ዝዘርግሑ ሰብ ዋጊን ድማ፡ ቡቲ ዝተፈጥረሎም ዕድል ካብ ልቢ የመስግኑ።

ብዘይካ'ቲ ኣቐዲምና ዝጠቐስናዮ ማለት ንናጽነት ዝኾልዐ ሓርነት ዜጋታትና፡ ቁጠባዊን ቱሪዝማዊን ምንቅስቓስ እውን እንታይ ከም ዝመስል ዝተገዝዙበናሉ ቅንያት እዩ ነይሩ። ፋሕ ፋሕ ዝብል ሽመት ንብረትን ኣገልግሎታትን ምስ ምትሕውዋስን ሓድሕዳዊ ፍቕሪ ምልግጋስን፡ ሰድራቤታትን ካልኦትን ደሚቑ ካብ ዝተራእየ ፍጻመ እዩ።

ብዘይካ'ዚ ዝተጠቓቐሰ፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ንኣሰራርሓኦን ዓሚለንን ዕግበት ብዝሁብ ኣገባብ፡ ሓደስትን ንሰራሕ ዘቃልሉን ናብ ዘመናውነት ዝመጣጠሩን ኣገባብት ምትእትታው ክገብራ ተዓዚብና። ሓንቲ ካብኣተን ባር ሮያል እያ። ኣብዛ ገዲምን ፍልጥትን ባር እትው ኢልካ መቓምጦኻ ምስ ሓዝካ፡ ከምቲ ንቡር ጠለብካ ንኣሳሳዪት ምስ ኣዘዝካ፡ እታ ኣሳሳዪት ኣብ ዝተሰቐለ ገጽ (screen) ተለቪዥን ዝመስል ላፕቶፕ ክትጠዋውቕ ኢኻ ትዕዘብ። ሓድሽ ተርእዮ ኮይኑካ ምስ ተወከስካያ ድማ፡ እቲ ዝእዝዘኦ ብዘረባ ዘይኮነ ብመርበብ (Net working) ናብ ዝምልከታ ከም ዝበጽሕ ትገልጸልካ።

ቅድሚ ኑቲ ሓድሽ ቴክኖሎጂያዊ እታው ናይ ባር ሮያል ምግላጽና፡ ብቐንዱ እቲ ኑቲ ኣብ ጎደናታት ዝርአ ዝነበረ ወኒ ዝፈጥር ምድላዋት፡ ውዳበኡን ኣቢጋግሳኡን ከመይ ነበረ ንዝብል ከኡብርህ።

ሓላፊት ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ማእከል ወይዘሮ ሊያ ጉብረኣብ፡ "እቲ ኣብ 2025 ኣብ መስከረም ኣብ መዓልቲ ቱሪዝም ዝተኻየደ፡ ትካላትን ህዝብን ኣብ ሓደ ቅርዓት ዘቀራረበ ምርኢት፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብዝኹበር ህዝብና ቅቡልን ክትጣባዕ ዘለዎን ምኽኑ ተመስኪሩሉ። እዚ ምስ ኮነ ኣብዚ ናይ ምስግጋር 2205 ናብ 2026 ከ እንታይ ይገበር? ዝብል ሓሳብ ነቒሉ። ዞባ ማእከል ሓላፍነት ወሲዱ፡ ንኩሉ ዓውድታት ሞያ ዝሓቑፈት ኮሚተ መዲቡ ድማ ሓሳብን ስራሕን ከምዝበጋገስ ገይሩ" ብምባል'ያ ናብ ዝስዕብ ዝርዝራት እትኣቱ።

እታ ኮሚተ ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ መስከረም ብጸቢብ ኣገባብ ዝጀመረ ውራይ፡ ብሰፊሕ ዝበለን ኩለን ትካላት ኣብ ኣስመራ ዘለዋ ዝሳተፋሉን ክኾውን ኣሚማ። በዚ መሰረት፡ ነፍሲ ወከፍ ትካል፡ ኣብ ቅድመኣ ዘሎ ኣርባዕተ ሜተር ተፈቒዱላ፡ ብናታ ብልሓትን ፈጠራውነትን ድማ ኑቲ ዝተበገሰ ዕላማ ዝበቅዕ ምቅርራብ ክትገብር ተሓቲሩዋ።

ከምዝፍለጥ ናይ ዝኾነ ነጋዳይ ቀዳማይ ዕላማ መኽሰብ'ዩ። መኽሰብ ግን ኣቓልቦ ሸማቶ ኣብ ምስሓብን ቅዱስ ውድድር ኣብ ምፍጣርን እዩ ዝምርኮሰን ዝዕወትን። በዚ መሰረት ኩሉ ዕዳጋታት ብዝተኻእለ መጠን ንነጋዶን ሸማቶን ዘቀራርብ ክኸውን ምኽሪ ተዋሂቡ። ገለ ብውሑዱ ንምጥቃስ፡ ካብ ዓዲኳላ ዝመጽአ ጣፍ ብሰለስተ ሽሕ፡ ከምኡ'ውን ካብ ዓባይ ናይ ጽዕነት መኪና ብቐጥታ ሸንርቲ ንሸማቶ ከም ዝሸይጥ ተገይሩ። ካልኦት'ውን ብተመሳሳሊ።

ልዕሊ ኩሉ እተን ልዕሊ 60 ዝኾና ኣብ ዱጋታት ማለት ኣብ ጽሩይ ማይ ዓሳታት ዘፍርያ ብማሕበር ዝተጠርነፉ ሸየጥቲ ዓሳ፡ ንኽምዚ ዝኣመሰለ ሰፊሕ ዝበለ በዓል ክጥቀማሉ ተባሂሉ ከምዝሳተፉ ተገይሩ። ንገለ ካብኣተን ከኣ ኣብ ማራኑቶ ብቀዋሚ ንክሰርሓ ተፈቒዱለን። እዚ ንጥፈት እዚ ሓደ ካብ ተጠማቲ ዕዳጋ ኮይኑ ምቕናዩ ድማ ይፍለጥ። ኣብዚ ብፍሉይ ዝጥቀስ፡ እንተላይ ኑቲ ኣዕጽምቲ ዓሳ ጥሒንካ፡ ከም ቀርጠምጠመ ብመገዲ ፓኒኖ ምሻጥ'ውን ሓደ ካብቲ ብዙሕ ጠለብ ዝረኸበን ዝቖጸል ዘሎን ሞያዊ ዕዳጋ'ዩ።

ኣብ ባሕቲ መስከረም ኣብቲ ቀዋሚ ዝኾነ ብዕበዩቱ ዝልለ መስኮት ተለቪዝን (screen) ምስ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ብምውህሃድ፡ ብቐጻሊ ጸጋታት ቱሪዝም ብምዝርጋሕ፡ ንኣጋደያን ብፍላይ ንቆልዑ ምስ ጸጋታት ሃገሮም ከምዝላለዩ ይግበር ነበረ።

ናብ ናይ ባር ሮያል ሓድሽ ምህዞ ምስ እንምለስ ድማ፡ ወናኒ ናይቲ ትካል ኣቶ ብንያም ተስፉ፡ ብዘዕባ'ቲ ብዓይኑ ኣብ ከተማ ኣስመራና ብዙሕ ዘውቱር ዘይኮነ ሓድሽ ዝተኣታቶ ዘሎ ቴክኖሎጂ፡ ብኸምዚ ዝስዕብ የዘንቱ።

"ኣነ ኣብ ዝነበረኩ ካናዳ፡ ወሃብቲ ትካላት ንግዲ ብፍላይ ኣሳሰይቲ፡ ንዓሚል ድሕሪ ምስምዖም፡ ከምቲ ወለድና ዘጽንሑልና፡ ብድምጾም "ሓደ ሻሂ፡ ሓንቲ ማኪያቶ. . ." ኢዮኮናን ዝብሉ፡ ብመገዲ P.O.S ዝተባህለ ኣገባብ (ሲስተም) እዮም ርክቦተንን ዕማማተንን ዘካይዱ። እዚ ኣብ ዓድና ክህሉ ምሐር ባህጊ ነይሩኒ" ይብል።

እቲ ኣገባብ ኣቐዲሙ ኣብ ኣስመራ፡ ኣብ ከም ብዓል ቦሎኛ ሆቴልን ካልኦት ሓደ ክልተን እዚ ዝተጠቕሰ ስርዓት ተጀማሚሩ ጸኒሑ'ዩ። ከምቲ "ለባም ተወከስ ባላ ተመርኮስ" ዝበሉዎ ኣበው፡ ኣቶ ብንያም ነዞም ትካላት ከይዱ ምስ ተወከሶም፡ ክግበር ከምዝከኣል ሓቢሮምን ኣተባቢዕምን። ድሕሪ'ዚ ካብ ዱባይ ኑቲ ንብረት ሸሚቱ ኩሉ ሕጋዊ ቅጥዕታት ኣማሊኡ ናብ ኣስመራ ኣምጺኡ። ቀጺሉ ኑቶም ነዚ ንብረት እዚ ዘዋደዱ (Install ዝገበሩ) ሞያውያን ጸዊዑ፡ ድሕሪ ምጽዋድ፡ ሰራሕተኛታት ናይ'ቲ ትካል እንተላይ ዋናታት፡ ሞያዊ ትምህርቲ ከም ዝሰንቁ ተገብረ።

ኣቶ ብንያም "ይግረምካ! ሰራሕተኛታትና ደቀንስትዮ ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ መሊኺኖኦ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ተዓማኒተን ብኣጻብዕተን (touch) ከም ማእለማ ክኣላልማኦ እንከለዋ ክትዕዘብ፡ ከም ዜጋ ትሕበንን ትኾርዕን" ኩብል ይገልጽ።

እቲ ዕዮ ብኸምዚ ዝስዕብ'ዩ ዝካየድ፣ ኣብ ሓደ ስቱር ቦታ ሰርቨር ኣሎ። እቲ ሰርቨር ማእከልነት ኮይኑ ንኹሉ ንጥፈታት ይሰንድ፡ ማለት - ዝተጠልበን ዝወጽኣን ይምዝግብ። ኣብዚ ኣየናይ ዝያዳ ሃሊኹ፡ ክንደይ'ከ ኣብ ትሕጃ ተረፍ ኣሎ ብንጹር ይነግረካ'ሞ፡ ንስኻ ድማ ትሕዝቶኻ ከተማዓራሪ ትድረኽ። ልዕሊ ኩሉ፡ ንኹሉ ኣታውን ወጻእን ስለዝምዝግብ፡ ኣታትዊታትካን ወጻኢታትካን ንኽትፈልጥ ኣዝዩ ሓጋዚ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኣታዊ ውሽጢ ሃገር ክትትከፍሎ ዝግብኣካ ቀረጽን ግብርን ብዘየማትእን ዘየወላውልን መገዲ ሕሳብካ ይንጸረልካ። ንሰራሕተኛታት ኣታዊ ውሽጢ ሃገር'ውን ንክቆጻጸሩ ሓጋዚ'ዩ።

ስለዚ እዚ ኣብ ድሮ ሓድሽ ዓመት ዝነበረ ቅንያት ደሰደሰ፡ ኣብዚ ዘይተገልጹን ክብጽሖ ዘይተኻእሉን ካልኦት ብርቅታት እውን ዘካታተ ብምንባሩ፡ ኣማን ብኣማን ንናጽነት ብሓርነት ዘወቀበ ወቕቲ ሓድሽ ዓመት እዩ ነይሩ ኢልና ክንድምድም ንኽእል። ንዓመታ ወይ'ውን ቅድሚኡ ዘሎ ኣዋርሕ ካልእ ተምሳጥ ክንርኢ ንትሰፎ። ርሑስ ሓድሽ ዓመትን ልደትን!





### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ለሰ ስፖርት |
| 15:15 | ዶክመንታሪ |
| 15:40 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:15 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:25 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቈልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ሄራል |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሙዚቃ ኦኣሲስ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ዞባ ማእከል - ቅድድም ብሽክለታ 2026 ፈሊሙ

### ተቐዳደምቲ ድሕሪ መንፈቕ ናብ ውድድር ተመሊሶም

ንዝሓለፉ ሽድሽተ ኣዋርሕ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት፡ ስሩዕ ንጥፈታቱ ኣቋሪጹ ዝጸንሐ ፈደረሽን ብሽክለታ ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 18 ጥሪ፡ ኣብ ጎደናታት ኣስመራ ናይ 2026 መዳለዊ ውድድሩ ኣካይዱ።

መኽፈቲ ውድድር፡ ክልተ መድረኻት ዘጠቓልል ኮይኑ፡ ኣብዚ ቀዳመይቲ መድረኽ፡ ተቐዳደምቲ ካብ ኢንሹራንስ ተበጊሶም፡ ባር ቶሪኖ፡ ዳኒኤል ፋብሪካ ፉድ፡ ሲቲ ፓርክ፡ ሸዱ ባር ፎልያ ሓሊፎም፡ ከም እንደገና ብሸዳ ተመሊሶም፡ ኣብ ኢንሹራንስ ይዛዘሙ ነይሮም።

ቀዲሞም ኣስታት 100 ጅንየር ደቂ ተባዕትዮ ተቐዳደምቲ፡ 91.5 ኪሎሜተር ሸፊኖም። ኣብቲ ቅልጡፍን ሱላቢን ዝነበረ ውድድር፡ ንፈለማ ግዜኡ ኣብዚ ክሊ ዕድመ ዝተወዳደረ ኣባል ክሉብ ደንደን እሰይ ኪዳነ ቀዳማይ ኣትዩ። ደቂ ጋንታኡ ዩኤል ሚካኤልን ዮናታን ቴድሮስን ድማ፡ ካልኣይን ሳልሳይን ተርታ ሒዞም። ክቢ ሳሚኤል ብውልቁ፡ መሓሪ ኣኽሊሉ - ኣሰር፡ ዊልያም ዘርኢት - ኤሪተል፡ መድሃኔ ዘርኢት - ኣሰር፡ ኢያብል ኤፍሬም - ደንደን፡ ፍትሓዊ ተስፋልደት - ትጽቢት፡ ናትናኤል ምሕረትኣብ ብውልቂ ከኣ፡ ብቕደም ተኸተል ክሳብ ዓስራይ ኣትዮም።

ደቂ ኣንስትዮ ተቐዳደምቲ'ውን ተመሳሳሊ ርሕቀት ንምሽፋን'የን 41 ተወዳደርቲ ንውድድር ቀሪበን። ናብ ጀርመናዊት ጋንታ ካንዮን ተጸንበራ ዘላ ሞናሊዛ ኣርኣያ፡ ናይ መውዳእታ ዘቤታዊ ጸወታኣ ኣብ ዘካየደትሉ ውድድር ከኣ፡ ብሉጽ ጸወታ ብምንጽብራቕ ብተዓዘብቲ ተናኢዳ። ኣብዚ ውድድር ተቐዳዳሚት ጋንታ ዓራግ ብርኽቲ ፍስሃየ፡ ብሉጽ ሸነኽ ተዓዊታትሉ፡ ኣባላት ክሉብ ደንደን ሮምና ጉዕሽን ራሄል ዘርኢሰናይን ኣሰር ብርኽቲ ስዒበን ሕንጻጽ ረጊጸን። ናርዶስ ጸጋይ - ደብብ ኤልዳና ክብሮም - ዓራግ፡ ዮርዳኖስ ርእሶም - ሰራያ ደርሳዋ፡ ቤትኤል እስጢፋኖስ - ጋሻ ነፍሓ፡ ኤልዳና ተኸለማርያምን ርዚና ብርሃንን ካብ ደንደን፡ ከምኡ'ውን ሰምሃር ግርማይ - ደብብ ምስ ቀዳሞት ዓሰርተ ጸወታአን ወዲአን።

ኣስታት 130 ተቐዳደምቲ ዝተኻፈልዎን 141.6 ኪሎሜተር ዝሸፈነን ናይ ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮ ውድድር፡ ኣብ መወዳእታ ተኻይዱ። ኣብቲ ሱላቢ ዝነበረ ጸወታ፡ ፕሮፈሽናላት ተቐዳደምቲ ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ መዋእል ግርማይን ዓወት ኣማንን ተሳቲፎምን ንጸወታ መቐረት ወሲኾሙሉን። ተቐዳዳማይ ኤሪተል ኤሉድ ክፍሎም ድማ፡ ንናይ ሰምሃል ሚሮን ምስጥናን ተቐዳዳማይ ደንደን ናኦድ ብርሃነን ብቕጽበታዊ ውድድር በሊጹ፡ ቀዳማይ ኮይኑ ሕንጻጽ ረጊጹ። ብውልቆም ዝወዳደሩ ናሆም ኤፍሬምን ንፍታኤል ኤፍሬምን፡ ሄኖክ ምሉእብርሃን ካብ ኣሰታና፡ ርቤል ዳዊት ካብ ሰምሃል፡ ሴም እዮብ ካብ ኣስቤኮ፡ ኑርኣሕመድ ዓብደልወሃብ - ደንደን፡ ርቤል ሃብተማርያም - ደብብ፡ ናትናኤል ኣማኑኤል - ሰምሃል ድማ፡ ካብ ራብዓይ ክሳብ ዓስራይ ንዘሎ ኮታ ሓዚኦም።

እዚ ውድድር፡ ዝመጽእ ሰንበት ካልኣይን መዛዘምትን መድረኽ ክካየድ እዩ። ኣብዚ ብቐደሚ ትማሊ ዝተወዳደሩ ደቂ ኣንስትዮን ዓበይቲ ደቂ ተባዕትዮን፡ ኣብቲ መድረኽ ብዘዋህልልዎ ነጥቢ ምስዚ ናይ ቀዳማይ መድረኽ ተደሚሩ ዕወታት ክፍለጡ እዮም። ጅንየር ደቂ ተባዕትዮ ግና፡ በዚ ናይ ትማሊ ውጽኢት ዕወታት ተፈሊጦም ኣለው። ኣብ ከንዳኦም፡ ዩዝ ክጻወቱ እዮም።



ዕውትቲ መድረኽ ብርኽቲ ፍስሃየ

## ሊግ ዞባ ማእከል ቀጺሉ

ኩዕሶ እግሪ ሊግ ዞባ ማእከል፡ ብቐደሚ ትማሊ፡ ሰለስተ ግጥማት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ኣካይዱ።

ቀዲመን ጋንታታት ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ኩባንያ ሰምበልን ተራኺበን። ኩባንያ ሰምበል፡ ኣብ መበል 41 ደቒቕ ካብ ድሌት ሓጎስ ብዝረኸበቶ ሸቶ መሪሕነት ሒዛ። ድሌት፡ ብኽልተ ብጫ ካርድ ኣብ መበል 65 ደቒቕ ካብ ሜዳ እኳ እንተተባረረ፡ ብዘመዝገባ ሸቶ ግና፡ ጋንታኡ ተዓዊታ። ናትናኤል ተኸለማርያም (ባሪ)፡ ብሉጽ ናይቲ ግጥም ተጸዊዑ።



ተጻዋታይ ደንደን - ሮሜል ዓብዱ

ዓቢ ትጽቢት ዝተገበረሉ ግጥም ኣዱሊስን ቀይሕ ባሕርን ስዒቡ ተኻይዱ። ሎሚ ዓመት ተመሓይሻ ቀሪባ ዘላ ኣዱሊስ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ብመገዲ ቢኒያም ግርማይ ኣብ መበል 59 ደቒቕ መሪሕነት ዘትሓዘታ ሸቶ ኣቑጺራ። ምዱብ ጸወታ ንኽዛዘም ሰለስተ ደቓይቕ ምስ ተረፈ ከኣ፡ ተጻዋታይ ቀይሕ ባሕሪ ቤንሁር ኣማኑኤል ዘመዓራረየቶም ሸቶ ኣመዝጊቡ። ጸወታ ድማ 1ብ1 ተፈጺሙ። ራያን ስዑድ ካብ ኣዱሊስ፡ ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ተመሳሳሊ ልዑል ግምት ዝተዋህቦ ርክብ ኣልታሕሪርን ደንደንን እውን፡ ኣካል ናይቲ ዕለት ነይሩ። ቅድሚ ሳምንቲ ኣብ ዘዋሪት ዋንጫ ኣልታሕሪር፡ ንደንደን 3ብ1 ስዒራ ገሊፋታ ነይራ እያ። ኣብዛ ናይ ሊግ ጸወታ ግና፡ ደንደን ብገፊሕ 4ብ0 ብምዕዋት፡ ሕነኣ ፈዲያ። ኣብ ሻዱሻይቲ ደቒቕ ኣሚር መርሃዊ ዘደፈሮ ልዳት ኣልታሕሪር፡ ሮሜል ዓብዱ ድማ፡ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 26፡ 59ን 64ን ደቓይቕ ሰለስተ ሸቶታት ኣመዝጊቡሉ። ሃትሪክ ዝሰርሐ ሮሜል፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተባሂሉ።

ኣብዚ ናይ ብቐደሚ ትማሊ ውድድር፡ ዘይስፖርታዊ ስነምግባር ተራእዩ ነይሩ። ቀዳመይቲ ጸወታ ምስ ተዛዘመት፡ ደያኑ ናብ መቐየሪ ክፍሊ እናኣተዉ፡ ዋና ጸሓፊ ኩባንያ ሰምበል ኣቶ ሳሙኤል መብራህቱ፡ ኣብ ኣፍደገ ብምጽናሕ ንደያኑ ብንዕቀት ዘየድሊ ጸርፊ ክጸርፎም ከሎ፡ ንተሓጋጋዚ ዳኛ ክሃርም ድሕሪ ምፍታኑ ብፖሊስ ተወጢጡ ተኣልዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ጸወታ ኣልታሕሪርን ደንደንን፡ ንዳኛ ብምጽራፉ ኣብ መበል 61 ደቒቕ ብቀይሕ ካርድ ዝተባረረ ተጻዋታይ ኣልታሕሪር ብርሃነ ተስፋሚካኤል፡ ጸወታ ምስ ተዛዘመ ደያኑ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ እናኣተዉ ክሃርም ፈቲኑ። ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ነዚ ንደያኑ ስርሖም ብግቡእ ንከይዓሙ ዝሰናኸልን ኣካላዊ ሃስያ ከውርደሎም ዝእኽል ዝበረን ስፖርታዊ ጭውነት ዝጎደሉ ተግባራት፡ ብዝግባእ ኣራሚ ስጉምቲ ክወስደሉ ንላቦ።

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

ሻምፕዮንስ ሊግ ሻውዓይ ሰሙን ናይ ምድብ

### ጸወታ

ካይራት - ክለብ ብሩጋ 6:30 ድ.ቀ

ቦዶ - ማን ሲቲ 8:45 ድ.ቀ

ኢንተር ሚላን - ኣርሰናል 11:00 ድ.ቀ

ቪያሪያል - ኣያክስ 11:00 ድ.ቀ

ቶተንሃም - ዶርትሞንድ 11:00 ድ.ቀ

ኦሎምፒያኮስ - ለቨርኩሰን 11:00 ድ.ቀ

ስፖርቲንግ - ፒኤስጂ 11:00 ድ.ቀ

ሪያል ማድሪድ - ሞናኮ 11:00 ድ.ቀ

ኮፐንሃገን - ናፖሊ 11:00 ድ.ቀ

## ሰኔጋል፡ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2025 ኮይና

### ማነ፡ ዓቢ ነጸብራቕ ስፖርታዊ ጭውነትን መሪሕነትን




ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዋንጫ ኣፍሪቃ ካብ ዝተኻየዱ ናይ ፍጻመ ጸወታታት፡ ድራማዊ ፍጻመታት ዝተራእዩሉን ዕግርግር ዝበዝሖን፡ ሓያል መሪሕነትን ጽልዋን ሓደ ተጻዋታይ ዝተንጸባረቐሉ፡ ብመንጽሩ ኣብ ዓቢን ወሳኒን ጸወታ ሸለልትነት ሓደ ተጻዋታይ ኣብ ዝተራእየሉ ምሸት፡ ሃገራዊት ጋንታ ሰኔጋል፡ ንሞሮኮ ረቲዓ ዋንጫ ኣፍሪቃ 2025 ኣልዒላ።

እዚ ውድድር ቅድሚ ምፍላሙ ብዝነበረ ግምታት ብቐዳምነት ክዕወታ ዝተገመታ ሞሮኮን ሰኔጋልን፡ ሰንበት ምሸት፡ ኣብ ከተማ ራባት ስታድዮም ንጉስ ሞላይ ኣብደላህ ተራኺበን።

ክሳብ ናይ ምዱብ 90 ደቒቕ ተወሳኺ ግዜ ዘውሃብ 0ብ0 ኣብ ዝነበራሉ፡ ሰኔጋል፡ ኣብ መበል 94 ደቒቕ ብመገዲ ኢስማኢላ ሳር ሸቶ ኣመዝጊባ። ዳኛ ግና፡ ኣብ ልዕሊ ሓለቓ ጋንታ ሞሮኮ ኣሽራፍ ሓኪሚ በደል ተፈጺሙ ኢሉ ሰሪዝዋ። ድሕሪ ቍሩብ ደቓይቕ ከኣ፡ ተኸላኻሊ ሰኔጋል ማሊክ ዲዩፍ፡ ኣብ እዋን ናይ መኣዝን ቅላዕ ኣብ ልዕሊ ብራሂም ዲያዝ በደል ፈጺሙ ተባሂሉ፡ ዳኛ፡ ብሓገዝ ቪድዮ ዳኛት (ቫር) ፍጹም ቅላዕ ኣዚዙ።

ነዚ ፍጻመ ዘይተቐበሉ ተጻወትቲን ኣባላትን ሰኔጋል ከኣ ብትእዛዝ ኣሰልጣኒኦም ሜዳ ገዲፎም ናብ መቐየሪ ክፍሊ ኣትዮም። ደገፍቶም'ውን ምስ ኣባላት ጸጥታ ተገራፊጦም።

ኣብ ሜዳ ዝተረፈ - ሳድዮ ማነ ግና፡ ደቂ ጋንታኡን ኣሰልጣኒኦምን ጸወታ ክውድኡ ብምትብባዕን ብምእማንን ካብ መቐየሪ ክፍሊ ሒዝዎም ወጺኡ።

ንኣስታት 17 ደቓይቕ ዝተቛረጸ ጸወታ፡ ዳግማይ ድሕሪ ምጅማሩ፡ ኒታ ፍጹም ቅላዕ ክዘርግ ብራሂም ዲያዝ ሓላፍነት ወሲዱ። ዲያዝ፡ ነዚ ከተዐውቶም እንተኽእል ዝነበረት ወርቃዊት ዕድል፡ ብቅዲ ፓኔንካ (ንዝደቀሰ ሓላዊ ልዳት ብልዕሊኡ ኣሕሊፍካ ምምዝጋብ) ከመዝግብ እኳ እንተፈተነ፡ ካብ ማእከል ዘይተንቀሳቐሰ ሓላዊ ልዳት ሰኔጋል - መንዲ ግና፡ ብቀሊሉ ቁሊብዋ። ምዱብ ግዜ ኣኺሉ ከኣ፡ ናብ ተወሳኺ 30 ደቓይቕ ኣምሪሐን።

ኣብ ላ'ሊጋ ምስ ቪያሪያል ዝጻወት ፓፕ ገየ ድማ፡ ኣብ ራብዓይ ደቒቕ ሸቶ ኣመዝጊቡ - ንሃገሩ ሰኔጋል መሪሕነት ኣትሒዙ። ኣብ ሃገራ እትጻወት ዝነበረት ሞሮኮ፡ ነዚ ሸቶ እትኽውን ግብረ-መልሲ ኣይነበራን - ሰኔጋል 1ብ0 ተዓዊታ፣ ንካልኣይ ግዜኣ ነዚ ውድድር ተዓዊታትሉ - ንፈለማ ግዜ ኣብ 2021 ምስ ኣልዓለቶ።

**ቀንዲ ፍጻመታት**

* ሰኔጋላውያን ንዝተሰረዞም ሸቶ ከምኡ'ውን ንሞሮኮ ንዝተዋህበት ፍጹም ቅላዕ ክቕበልዎ ስለዘይከኣሉ እዮም፡ ካብ ሜዳ ወጺኦም።

* ማነ ነዮም ሜዳ ገዲፎም ዝወጹኡ ደቂ ጋንታኡ፡ ወላ'ውን ደሰዮሩ ብትብዖት ኣእሚሩ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ክመልሶም ብምኽኣሉ፡ ዓቢ ሞሳ ረኺቡ። ሽሕ'ኳ ቀዳማይ ሓለቓ ጋንታ ኣይኹን፡ ሓያል መሪሕነቱን ጽልዋኡን ግና ኣርእዩ እዩ። ማነ፡ ኣብ እዋን ሽልማት፡ መዝሙት ሓለቓ ጋንታ ካቦ'ቲ ብመቐጻዕቲ ኣብ ጸወታ ዘይነበረ ኩሊባሊ ተቐቢሉ ከኣ፡ ነዛ ዋንጫ ኣልዒልዋ።

ዝርኣዮ መሪሕነት ዝወደሶ ኣብ ናይ ቅድም ክለቡ ሊቨርፑል ዓሚሙ ዝነበረ - የርገን ክሎፕ፡ ኣብ ከተማ ዳር ናይ ክብሪ ሓወልቲ ክስረሓሉ'ውን ድሕሪ ጸወታ ተላቢዩ።

* ሸለልትነት ዲያዝ፡ ቅድሚ'ዛ ጸወታ ብዘመዝገበን ሓሙሽተ ሸቶታት ኣብ ዓወታት ሃገሩ ልዑል ተራ ዝተጻወተ ዲያዝ፡ ኣብ ወሳኒ መድረኽ ብቀሊል ህሪም ፍጹም ቅላዕ ብምስሓቱን ሃገሩ ከኣ ብምስዓራን ንዓመታት እተሳቐየ ፍጻመ ከይትኸውን ይሰጋእ።

ምኽንያቱ፡ ኣብ ዝበለጸ ቁመና ዘላ ሞሮኮ፡ ድሕሪ 1976 (ድሕሪ 50 ዓመታት) ዋንጫ ኣፍሪቃ ከተልዕሉ እትኽእል ዝነበረት ወርቃዊ ዕድል ስለዘጥፍኣ - ወላ'ኳ ኣብ ስፖርት ዘጋጥም እንተኾነ። ንፈለማ ግዜ ኣብ ዋንጫ ኣፍሪቃ ዝተጻወተ ዲያዝ፡ ብሓሙሽተ ሸቶታት 'ወርቃዊት ጫማ' ተሸሊሙ።

* ዓላሚ ሞሮኮ - ዋሊድ ረጉራጊ፡ ንተግባራት ሰኔጋል 'ዘሕፍርን ንኣፍሪቃ ክብሪ ዘይህብን' ክብል ገሊጽዎ።

ጋዜጣዊ መግለጺ ኣብ ዝግበረሉ ቦታ ድሕሪ ዘጋጠመ ህውከት ጋዜጣዊ መግለጺ ዘይገበረ ዓላሚ ሰኔጋል ፓፕ ቲያው ከኣ፡ ንተጻወትቱ ካብ ሜዳ ክወጹኡ ክእዝዞም ከምዘይነበሮ ብምግላጽ፡ ይቕረታ ሓቲቱ።

ፕረዚደንት ፊፋ ጂያኖ ኢንፋንቲኖ፡ ነዚ ዓቢ ፍጻመ ዝደወነ ተግባራት ሰኔጋል፡ 'ዘይቅቡል' ክብሎ እንከሎ፡ ኮንፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ (ካፍ) ድማ፡ ኣብ ልዕሊ ቲያው ደስፕሊናዊ ክሲ ከፊቱ ኣሎ።

# ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

## ትራምፕ፡ ህንዲ ናብ ቦርድ ሰላም ቓዛ ክትጽንበር ዓዲሙ

ህንዲ፡ ኣካል ናይቲ ብኩናት ዝተሃሰየ ወሽመጥ ቓዛ ንምምሕዳር ዝከታተል 'ቦርድ ሰላም' ክትከውን ብፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ከም ዝተዓደመት፡ መርበብ ሓበሬታ 'ሪሻ ቱደይ' ሓቢሩ።

ዝሓለፈ ሰሙን ምምሕዳር ትራምፕ፡ ኣብቲ ብኣመሪካ ዝደገፉ ተበግሶ ሰላም ቓዛ ክዉን ንምግባር፡ 'ካልኣይ ምዕራፍ ቦርድ ሰላም' ብዝብል ስያመ ብወግዒ ከም ዘጠቓለለ እዩ ዝገለጸ።

ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ህንዲ ሰርጂዮ ጎር፡ ህንዲ ኣብ ቦርድ ሰላም ቓዛ ክትሳተፍ ዝዕድም - ናብ ቀዳማይ ሚኒስተር ናሬንድራ ሞዲ ዝተጻሕፈት ደብዳቤ ዝሓለፈ ሰንበት ከም ዝተቐበለ ሓቢሩ።

ናብቲ ቦርድ ክነደይ ሃገራት ከም ዝተዓደማ ብንጹር እኳ እንተ ዘይተሓበረ፡ ፓኪስታንን ቱርኪን ዝርከባአን ኣስታት 12 ሃገራት ተዓዲመን ከምዘለዋ ከም ዝኸኣላ ግና፡ እቲ መርበብ ሓበሬታ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

እንተኾነ፡ ኣብ ከተማ ዳቮስ - ስዊዘርላንድ ኣብ ዝካየድ ዓመታዊ ዓለማዊ ቁጠባዊ ዋዕላ፡ ኣመሪካ ዝርዝር ናይ'ተን ኣባላት ቦርድ ሰላም ቓዛ ዝኾና ሃገራት ከተፍልጥ ትጽቢት ከም ዘሎ፡ መርበብ ሓበሬታ ኢንድያ ቱደይ ገሊጹ።



ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ማርኮ ሩብዮን ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ነበር ቶኒ ብሌርን ኣባላት ናይቲ ብትራምፕ ዝምራሕ ቦርድ ሰላም ቓዛ ኮይኖም ከም ዘለዉ እዩ መርበብ ሓበሬታ ሪሻ ቱደይ ዝሓበረ።

መራሕቲ እስራኤል ግን ነቲ ብኣመሪካ ዝተማስረተ ቦርድ ሰላም፡ "ምስ ፖሊሲ እስራኤል ዝጻረር እዩ" ብምባል ነቲ ስምምዕ ከም ዝተቓወምዎ እዩ ዝገለጸ።

## ኣብ ደቡባዊ ኣፍሪቃ፡ ብሓደጋታት ዕልቕልቕ ኣማኢት ሰባት ሞይቶም

ኣብዚ ወርሒ እዚ ኣብ ሞዛምቢክን ደቡብ ኣፍሪቃን ብዝዘረመ ብርቱዕ ዝናብን ንሱ ብዘስዓቦ ሓደጋታት ዕልቕልቕን ብውሕዱ 200 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ሰብ መዚ ናይቲ ከባቢ ሓቢሮም።



ሃገራዊ ትካል ምሕደራ ሓደጋን ምክልካል ሓደጋን ሞዛምቢክ ኣብ ዘውጸኦ ጸብጻብ፡ ብሰንኪ እቲ ዝናብን ዕልቕልቕን ብውሕዱ 103 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ካልኦት ልዕሊ 200 ሽሕ ሰባት ድማ በቲ ሓደጋ ከም ዝተጸልዉ ገሊጹ።

ከምኡ'ውን ኣስታት 70 ሽሕ ሄክታር ናይ ሕርሻ መሬት በቲ ዕልቕልቕ ከም ዝተደምሰሰ፡ እቲ ትካል ወሲኹ ሓቢሩ።

ሃገራዊ ማእከል ምሕደራ ሓደጋ ደቡብ ኣፍሪቃ እውን ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ዞባታት ሊምፖፖን ምፑማላንጋን ብዘጋጠመ ሓደጋታት ዕልቕልቕ ብውሕዱ 30 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸር መንበሪ ኣባይቲ ድማ ጉድኣት ከም ዝወረዶ ኣፍሊጡ።

ሰብ መዚ ኣገልግሎት ሜትሮሎጂ ናይታ ሃገር ብወገኖም፡ ኣብ'ተን ብዝናብ ዝተሃሰያ ዞባታት ሕጂ'ውን ዝናብ ኽኢ ክቕጽል ከም ዝኽእል ብምሕባር፡ ነበርተን ናብ ውሑስ ቦታ ክግዕዙ ኣተሓሳሲቦም ኣለዉ።

## እስራኤል ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ወተሃደራዊ ስርሒት ተካይድ

እስራኤል፡ ኣብ ደቡባዊ ምዕራባዊ ገምገም ኣብ ትርከብ ከተማ ኬብሮን፡ ኣማኢት ወተሃደራትን ማሽነሪታትን ብምውፋር ሰፊሕ ወተሃደራዊ ስርሒት ተካይድ ከም ዘላ ኣፍሊጣ።

ሰራዊትን ኣባላት ጸጥታን እስራኤል፡ ዕላማ ናይቲ ስርሒት ነቲ ኣብታ ከተማ ዝርከብ ትሕተ ቕርጺ ኣሸበርቲ ንምዕናውን ኣጸዋር ንምምንዛዕን ምዃኑ ገሊጾም።

ሰራዊት እስራኤል፡ እቲ ስርሒት ንዘይተወሰነ መዓልታት ክቕጽል ምዃኑ'ውን ኣጠንቂቑ ኣሎ።

እቲ ስርሒት፡ ብሓገዝ ዓበይቲ ቡልዶዘራትን ድኑዓት ወተሃደራውያን መካይንን ይካየድ ከም ዘሎ'ውን ወሲኹ ኣረዲኡ።

ከም ኣካል ናይቲ ኣብ መላእ ከተማ ኬብሮን ዝካየድ ዘሎ ጽዑቕ ወተሃደራዊ ስርሒታት፡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ወተሃደራትን ፍሉያት ሓይልታትን እስራኤል ናብታ ከተማ ይለኣኹ ከም ዘለዉ፡ ማዕከናት ዜና እስራኤል ኣቃሊሐን።



ምንጭታት ፍልስጤም ኣብ ከተማ ኬብሮን ብወገኖም፡ ሓይልታት እስራኤል ኣብ ልዕሊ ሲቪል ፍልስጤማውያን ጃምላዊ ማእሰርቲ የካይዱ ከም ዘለዉ፡ ሓያሎ ጽርግያታት ብምዕጻው ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ናይታ ከተማ ከቢድ ናይ ምንቅስቓስ ገደብ ይገብሩ ምህላዎምን ገሊጾም።

ኩናት እስራኤልን ቓዛን ኣብ ጥቅምቲ 2023 ካብ ዝጀመረ ንደሓር፡ ኣብ ምዕራባዊ ገምገም ጥራይ ልዕሊ 1,080 ፍልስጤማውያን ክቕተሉ ከለዉ፡ ካልኦት ኣስታት 11 ሽሕ ከም ዝቖሰሉን ልዕሊ 20 ሽሕ ድማ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ እስራኤል ከም ዝኣተዉን ምንጭታት ፍልስጤም ይሕብሩ።

## "ብሰንኪ ድኽመት ኤውሮጳ፡ ኣመሪካ ንግሪንላንድ ክትቆጻጸራ እያ" ጸሓፊ ግምጃ ኣመሪካ

ሃገራት ኤውሮጳ ነታ ኣብ ኣርክቲካዊ ወቕያኖስ እትርከብ ደሴት ግሪንላንድ ብዝግባእ ክከላኸላ ብዘይምኽኣለን፡ ኣመሪካ ኣብ መጻኢ ነታ ደሴት ባዕላ ክትቆጻጸራ ምዃና፡ ጸሓፊ ግምጃ ናይታ ሃገር - ስኮት በሰንት ገሊጹ።




ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዙ፡ ነታ ኣስታት 56 ሽሕ ጥራሕ ህዝቢ ዝነብረላ ዓባይ ደሴት፡ ኣመሪካ ንጥቕኣታት ሩስያን ቻይናን ንምክልኻል ኣብ እትገብሮ ምንቅስቓስ ከም ስትራተጂያዊት ቦታ ከም እትርእያ ብምሕባር፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሃገሩ ናይ ምእታው ድሌት ከም ዘለዎ ደጋጊሙ ክገልጽ ከም ዝጸንሐ ይፍለጥ።

ብሰንኪ'ዚ ድማ፡ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኣባላት ኔቶ ዝኾና ካልኦት ሃገራት ምዕራብን ዘይምስምማዕ ተፈጢሩ ከም ዘሎ እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ስኮት በሰንት ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ግሪንላንድ ኣብ መጻኢ ኪጋጥም ኣብ ዝኽእል ኩናት ኣርክቲክ ንኣመሪካ ንምክልኻል ኣገዳሲት ምዃናን ዋሽንግተን ሃገራዊ ድሕነታ ኣሕሊፋ ከም ዘይትህብን ኣረዲኡ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ካብ ዓለም ዝሓየለት ሃገር ኣመሪካ እያ። ኤውሮጳውያን ግና ደኺሞም ኣለዉ። ስለ ዝደኸሙ እየም ድማ ንዩክሬን ካብ ሩስያ ክኸላኸልዋ ዘይክኣሉ ዘለዉ" ክብል ገሊጹ።

እቲ ብዓል ስልጣን ኣብ መወዳእታ፡ መራሕቲ ኤውሮጳ ንቅልውላው ዩክሬን ከም ኣብነት ብምውሳድ ኣብ መወዳእታ ምስ መርገጺ ኣመሪካ ከም ዝሰማምዑን፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ጸጥታ ዋሽንግተን ክጸንሑ ከም ዝወሰኑን ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ብወገኑ፡ ነቲ ግሪንላንድ ኣካል ኣመሪካ ኽኸውን ዝኹብሮ ዘሎ ድፍኢት ኣብ ልዕሊ ዝተቓወማ ሸሞንተ ሃገራት ኤውሮጳ ንጉዳዊ ቀረጽ ክወሰን ምኻኑ የረርሕ ከም ዘሎ እዩም ጸብጺቦት ዝጠቐሱ።

ኣብ ግሪንላንድ ዒቢ ጽልዋ ዘለዋ ሩስያ ብወገና፡ ነታ ደሴት ከም ግዝኣት ዴንማርክ ኣፍልጦ ከም እትህብ ብምጥቃስ፡ ንጠለብ ኣመሪካ ነጺጋቶ ኣላ።

## ስጳኛ - ብሓደጋ ባቡር 39 ሰባት ሞይቶም



ኣብ ደቡባዊ ክፋል ስጳኛ፡ ክልተ ባቡር ድሕሪ ምጕጫወን 39 ሰባት ከም ዝሞቱን ካልኦት ብዕስርተታት ዝቑጸሩ ድማ ከም ዝቖሰሉን ፖሊስ ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

ኣገልግሎት ህጹጽ ረድኤት ስጳኛ፡ በቲ ሓደጋ ብውሕዱ 73 ሰባት ከም ዝቖሰሉን 24 ካብኦም ኣዝዮም ወጹዓት ከም ዝኾኑን ኣፍሊጡ።

እቲ ፍጻሜ ዝሓለፈ ሰንበት ምሸት ኣብ ከተማ ኣዳሙዝ ከም ዘጋጠመ፡ ሰብ መዚ መጉዓዝያ ባቡር ናይቲ ዞባ ገሊጾም።

እታ ኣስታት 300 ተሳፈርቲ ሒዛ ካብ ከተማ ማላጋ ናብ ከተማ ማድሪድ ትጓዓዝ ዝነበረት ባቡር፡ ካብ መስመራ ኣንደልሂጻ ምስ 200 ሰባት ኣሳፊራ ብኣንጻሩ ወገን ትጓዓዝ ዝነበረት ባቡር ድሕሪ ምጕጫዋ እዩ እቲ ትራጀዲያዊ ሓደጋ ኪጋጥም ክኢሉ - ብመሰረት እዞም ሰብ መዚ።

ሚኒስተር መጉዓዝያ ስጳኛ ኦስካር ፑኤንተ፡ ድሕሪቲ ሓደጋ ኣባላት ህጹጽ ረድኤት ናብቲ ቦታ ብምውፋር ኑዩም ግዳያት ከም ዘውጽእዎም፡ እንተኾነ ሓያለ ኣብታ ዝተጨፍለቐት ባቡር ተቐርቂሮም ብምህላዎም ማስርሕ ምድላይ ግና ይቕጽል ምህላዉ፡ በዚ ድማ ቁጽሪ ግዳያት ክውሰኽ ተሰጊኡ ከም ዘሎ ገሊጹ።

እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ብልክዕ ንምፍላጥ መርመራታት ይካየድ ከም ዘሎ ብምግላጽ፡ ልዑል ፍጥነት ክኸውን ከም ዝኽእል ግና ኣሚቱ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ስጳኛ ፔድሮ ሳንቸዝ ብወገኑ፡ በቲ ሓደጋ ዝተሰምዖ ሓዘን ድሕሪ ምግላጽ፡ ንስድራቤት ግዳያት ጸገዮት ተመንዩ።

ስጳኛ ካብ ኣባላት ሕብረት ኤውሮጳ ዝዓበየ መርበብ መንገዲ ባቡር ዘለዋ ሃገር ኮይና፡ ኣብ ሰዓት ልዕሊ 250 ኪ.ሜ ክጓዓዛ ዝኽእላ ፈጣናት ባቡራትን ልዕሊ 3,000 ኪሎ ሜተር ዝንውሓቱ መስመራትን ኣለዋ።

በዚ ከኣ እታ ሃገር ሓደጋታት ባቡር ብብዝሒ ከም ዝረኣየላ ጸብጻባት የመልክቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ማይ ተመናይ | 20/01/2026 | ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.315፡ ከባቢ ቤተ ክርስትያን ኣቡነ - ኣረጋዊ | 08370134 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services